

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.220 ዓርቢ 15 ግንቦት 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ልዕሊ ዓቐን ምርሃጽ ናይ ነገር ጥዕና ድዩ፧

ገጽ 4
ሕብሪ ናጽነት፡ ብቕነት ናይ'ቲ ጸሊም ኮኾብ

ገጽ 5
ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን

ገጽ 9
ንባብ፡ መሰረት መሃዝነትን ምዕባለን


ገጽ 11
ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ቀጠልያ ማልያ ወኒንዎ



## ሚኒስተር ትምህርቲ፡ ኣብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣድማዒ ስራሕ ከምእተዓመ ገሊጻ

ኣገልግሎት ትምህርቲ ንኹሉ ኣብ ኩሉ ብማዕረ ንምብጻሕ ብዝተዓመ ኣድማዒ ስራሕ፡ ኣብ ሽፋን ምዕሩይ ዕድላት ትምህርቲ፣ ተሳትፎን ተወዳዳርነትን ደቂኣንስትዮ፣ ከምኡ'ውን ምጥፋእ መሃይምነት ዓበይቲ ዓወታት ከምእተመዝገበ፡ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ገሊጻ።



ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንበል ናጽነት ንምዝካር ዜና ሃገርና ኣብ ዝገበሮ ሓበሬታ፡ ትምህርቲ እምንቶርናዕ ምዕባለ ስለዝኾነ፡ ምዕሩይን ዓይነታውን ትምህርቲ ንኹሉ ኣካል ሕብረተሰብ ምብጻሕ ቀንዲ ዕላማ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ከምዝኾነ ዝጠቐሰት ሚኒስተር ሓሊማ፡ ብዙሕ ስራሕ ዝሓተተ መዳያት'ኳ እንተሎ፡ ዛጊት ዝተመዝገበ ጫና ብቑሊል ዝጥመት ከምዘይኮነ ኣረጋጊጻ።

ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 1991/1992 ኣብ መላእ ሃገር ዝዝርጋሓ 359 ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ከምዝነበራ፡ እዚ ኣሃዝ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ብ544 ማእታዊት ዓብዩ 1,952 ከምዝበጽሐ ብምጥቃስ፡ ከም ውጽኢቱ - ቀጽሪ ተመሃሮ ካብ 6,461 ናብ ልዕሊ 100 ሽሕ ከምዝበረኸ ገሊጻ።

ብዘይካ'ዚ፡ ቀጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ መባእታ ካብ 381 ናብ 1097፣ ማእከላይ ደረጃ ካብ 65 ናብ 469፣ ካልኣይ ደረጃ ድማ ካብ 25 ናብ 132 ክብ ከምዝበለ ኣፍሊጣ።

ንቑጽሪ ተመሃሮን መማህራንን ብዝምልከት፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 1991/1992 ኣብ ኩለን ደረጃታት ልዕሊ 267 ሽሕ ዝበጽሐ ቀጽሪ ተመሃሮ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ናብ ልዕሊ 880 ሽሕ፣ ቀጽሪ መማህራን ድማ ካብ 5,456 ናብ 29,448 ከምዝዓበየ ሓቢራ።

ኣብ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ግና ዕቱብ ስራሕ ከምዝድሊ ዝሓበረት ሚኒስተር ሓሊማ፡ ቀጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ቴክኒክ ካብ 2 ናብ 6 ክብ ከምዝበለ ብምጥቃስ፡ ኣብ ምጥፋእ መሃይምነት ድማ ቀጽሪ ነቕጣታት ካብ 906 ናብ 412 ምውራዱ ንእወታዊ ጉስጓስ ከምዝምልክት ኣረዲኣ።

ኣብ መወዳእታ ሚኒስተር ሓሊማ፡ ከለንትናዊ ብቕዓት መማህራን ምሕያል፣ ምስ ፍሉይ ድሌት ተመሃሮ ዝኸይድ ኣገባብ ኣመሃህራ ምትእትታው፣ ክእለትን ተበላሕትነትን ተመሃሮ ኣብ ስነ-ፍልጠት፡ ቴክኖሎጂ፡ ምህንድስናን ቀጽርን ኣብ ዘዕቢ ኣገባብ ጸቒጥካ ምስራሕ፣ ከምኡ'ውን ሞያ ምምህርና ምምዕባል፡ ካብ ናይ መጻኢ መደባት ከምዝኾኑ ኣብሪሃ።

## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ዋዕላ ኮሚሽን ሰብኣውን ህዝባውን መሰላት ኣፍሪቃ መደረ ኣስሚዑ

ብሬጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ቀዋሚ ልኡኽ ናብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ኣቶ ቢንያም በርሀ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 11 ክሳብ 20 ግንቦት ኣብ ባንጁል - ጋምብያ ኣብ ዝቃነዕ ዘሎ መበል 87 ዋዕላ ኮሚሽን ሰብኣውን ህዝባውን መሰላት ኣፍሪቃ፡ መደረ ኣስሚዑ።




ልኡኽ ኤርትራ ብ13 ግንቦት ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኤርትራ - ድሕሪ ሓደት መዓልታት "ጽንዓትና ዋሕስና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ መበል 35 ዓመት ናጽነታ ኣብ እተኽብረሉ እዋን፡ ዜጋታታ - ሰላም ዝሰፈናን ምዕቡልትን ኤርትራ ንምህናጽ መብጽዓ እነሐድሱሉ ኣጋጣሚ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኤርትራ ንምውሓስ ሰብኣዊ መሰላት ብዘለዋ ድሉውነት፡ ብደረጃ ዞባን ዓለምን ንዘሎ ነውጽን ካብ ደገ ዘጋጥማ ጸቕጢን ተጻዊራ፡ ኣብ ብዙሕ ጽላታት ዝጸንበጥ ጉስጓስ ከምዘመዝገበት ብምጥቃስ፡ ኣብ ምርግጋጽ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ መግቢ፡ ውሑስ ኣከባቢ፡ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ጾታ፡ ሕጋዊ ስርዓት፡ ሓገዝ ንጽጉማት ዜጋታትን ካልእን ንዝተመዝገበ ጉስጓስ ዘርዚሩ።

ኤርትራ ዘመዝገበቶ ጉስጓስ፡ ብመትከላት ርእሱምርኮሳን ኮማዊ ተሳትፎን ዝተበጽሐ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ሰረት ዝገበረ፣ ከምኡ'ውን ንኹሉ ዜጋ ዘርብሕ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ'ውን ዝርጋጥሙ ብድህታት ብምብዳህ፡ ዝሕጋጋት ማእከል ዝገበረ ናይ ምዕባለ ጉስጓስ ንምቕጻልን ቀረብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምስፋሕን ጻዕራ ቀጻሊ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ልኡኽ ኤርትራ ብተወሳኺ፡ 'ምርግጋጽ ውሑስ ቀረብ ማይን ድሕነቱ ዝተሓለወ ስርዓት ጽሬትን' ብዝብል ኣርእስቲ ብ12 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ዘተ፡ ንተመክሮ ኤርትራ ዘንጸባርቕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

እቲ ብቪደዮ ዝተሰነየ መግለጺ፡ ኤርትራ ብናታ ተበግሶን ዓቕምን ተሳትፎ መላእ ህዝባ፡ ቀረብ ማይ ንምውሓስ ዝተኻየደ - ምህናጽ ዲጋታት፡ ምውፋስ ማይ-ከዐታት፡ ምግራብ፡ ምውዳድ ስርዓት ማይን ካልእን ዘርኢ'ዩ ነይሩ።

ጽንዓትና ዋሕስና ! ! صمودنا ...ضماننا

OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE !

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ልዕሊ ዓቐን ምርሃጽ ጥዕና ድዩ፧

ኩሉ ሰብ እዩ ዝርህጽ - ገለ ወሓሉድ ገለ ድማ ብዙሕ። እንርህጽ፣ ኣብ ኣካላትና ዘሎ ሙቐት ንምዝሓል እዩ። እንርህጽ፣ ብዙሕ ሃልኪ ዘለዎ ስራሕ ምስ እንገብር እዩ። ምውሳኽ ሙቐት ከባቢና ክንርህጽ ዝገብር ሓደ ጠንቂ እዩ።

### ረሃጽ ብኸመይ ይሰርሕ፧

ኣብ ሰብነትና ብዝምጋም ኣሰታት ሰለስተ ሚልዮን ጸኒታት ረሃጽ ይርከባ። ኣብ ክልተ ጉጅለ ድማ ይምቀላ - 'ኤክሪን' (eccrine) ከምኡ'ውን 'ኣፖክሪን' (apocrine)።

ጸኒታት 'ኤክሪን'፦ ኣብ መላእ ሰብነትና እየን ተዘርጊሐን ዘለዋ። እዘን ጸኒታት'ዚአን ዘውጽእኦ ረሃጽ ውሑድ ብምዃኑ ብዙሕ ግዜ ኣይነስተብህሎን ኢና።

**ጸኒታት 'ኣፖክሪን'፦** እዘን ጸኒታት'ዚአን ኣብ ጉርጉሕቲ፣ ጸጉሪ ኣብ ዝቐልቀሎ ክፋል ሰብነትና ይርከባ - ኣብ መቐመጫ፣ ኣብ ተሸቲሽ ወዘተ። ብጠቕላላ ረሃጽ ናይ ምፍጣር ጠባይ ኣለዎም።

ክንርህጽ ጠንቂ ዝኾነ እንታይ እዩ፧

እቲ ንቡር ኣካላትና ክህልዎ ዘለዎ ዓቐን ሙቐት ኣሰታት 37 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (98.6 ዲግሪ ፋራናይት) እዩ። እዚ ኣሃዝ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብቑሩብ ይፈላለ እዩ። ኣካላትና ልዕሊ ዓቐን ሙቐት ምስ ዝህልዎ፣ ሓንጎልና፣ ሰብነትና ክዝሕል ከም ዘለዎ መልእኽቲ ይሰድድ። እቲ መልእኽቲ ሙቐት ኣካላትና ካብ ዝቆጻጸር 'ሃይፖታላመስ' (hypothalamus) ተባሂሉ ካብ ዝጽዋዕ ክፋል ሓንጎልና እዩ ዝመጽእ። በዚ፣ ንኽዝሕል ሰብነትና ረሃጽ ከውጽእ ይጅምር።

ረሃጽ ኣብ ቆርበትና ካብ ዝርከባ ጸኒታት እዩ ዝመጽእ። ኣብ ግንባርና፣ ትሸቲሽና፣ ኣብ መቐመጫና፣ ግንቦ ኢድና፣ ከምኡ'ውን ኣብ ታሕተዋይ ክፋል እግርና ዝበዝሐ ጸኒታት ረሃጽ



ይርከባ። እዘን ጸኒታት'ዚአን ረሃጽ ይሰዱ'ሞ፣ እቲ ረሃጽ ክሃፍፍ እንከሎ፣ ናብ ሰብነትና ዝሑል ኣየር ብምእታው ክንዝሕል ንጅምር።

**ረሃጽ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ነገራት፦**

* ምውሳዋስ ኣካላት፣
* ንልዑል ሙቐት ምቅላዕ፣
* ቀመም ዝበዝሖም መግብታት ምምጋብ፣
* ስምዒታት ወጥሪ፣ ፍርሕን ጭንቀትን ምህላው፣
* ምስ እንሓምምን ምሕር ረስኒ ምስ ዝህልወናን።

ልዕሊ ዓቐን ሙቐት ሓደገኛ እዩ። እንተዘይርሂጽና ክሳብ ሞት ክሳዕጸሕ ንኽእል።

ልዕሊ ዓቐን ምርሃጽ - hyperhidrosis

ልዕሊ ዓቐን ምርሃጽ ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ 'ሃይፐርሂድሮሰስ' (hyperhidrosis) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። መብዛሕትኡ ግዜ፣ ምልክት ናይ ከቢድ ወይ ኣሻቓሊ ጸገም ጥዕና ኮይኑ ኣይግለጽን እዩ። ይኹን'ምበር፣ ጽሬት ሰብነትና ብዘዋጽእ ምስ ዘይንሕሉ፣ ዘዳለ ጨና ስለ ዝፈጥር፣ ኣብ ማሕበራዊ ህይወትና ጸገማት ክፈጥረልና ይርኣ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ረኽሲ ወይ ቀጭ ቀጭ ዘብል ስምዒት ኣብ ቆርበትና ከስዕብ ይኽእል። ረሃጽ፣ ሙቐት ሰብነትና ንምምጥጣን ተባሂሉ ክመጽእ ዝኽእል ናይ ሰብነትና መከላኸሊ ይኹን'ምበር፣ ልዕሊ ዓቐን ረሃጽ ኣብ ዝሑል ዝኾነ ኩነታት ኣየር'ውን ይርአ እዩ።

'ሃይፐርሂድሮሰስ' ዘኸቶ ሰባት፣ ናብ ጸኒታት ረሃጽ መልእኽቲ ዝሰዱ ንጡፋት ዝኾኑ መትንታት ከም ዘለዎም እዩ ሓኪይም ዘረጋግጹ። በዚ ድማ፣ ዋላ ሙቐት ኣይሃሉ ክርህጹ ይረኣዩ። እዚ ዓይነት 'ሃይፐርሂድሮሰስ' ቀዳማይ ዓይነት ተባሂሉ ዝግለጽ ኮይኑ፣ እቲ ረሃጽ ኣብ ዝተወሰነ ክፋል ሰብነት ጥራይ እዩ ዝርአ። ንኣብነት ኣብ ትሸቲሽ፣ ኩብዲ-ኢድ፣ ኣብ እግሪ ወይ ኣብ ርእሲ።

ኣብ ገለ ሰባት 'ሃይፐርሂድሮሰስ' ብሰንኪ ሕክምናዊ ፍወሳ ይርአ እዩ። እዚ ካልኣዊ 'ሃይፐርሂድሮሰስ' ተባሂሉ እዩ ዝግለጽ። እቲ ረሃጽ ዋላ ኣብ ግዜ ለይቲ ዝፍጠር ኮይኑ ኣብ መላእ ሰብነት ድማ ይርአ።

- ኣልኮላዊ ማስተ
- ሕማም ሽኮር
- መጥቃዕቲ ልቢ፣
- ረኽሲ፣
- ትሑት ሽኮር ኣብ ደም፣
- ብትኮተ ጾግያት፣
- ጸገማት ኣብ ስርዓተ መትኒ፣
- ምኽሳዕ፣
- ሕማም ፓርኪንሶን፣
- ነፍሰጾር ምዃን ወዘተ ገለ ካብቶም ዚያዳ ክንርህጽ ዝገብሩ ዘይንቡር ኩነታት እዮም።

መዓስ ናብ ሓኪም ንኺይድ፧

እቲ ረሃጽ ልዕሊ ዓቐን ኮይኑ ክዩቋረጸ ንልዕሊ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ምስ ዝኸውን፣ ኣብ ርእሲኡ ኣብ ግዜ ለይቲ'ውን እናመጸ ዕለታዊ ንጥፈታትና ክዕገድ ምስ ዝጽግመና ሕክምናዊ ቀላሕታ ክንገብረሉ ከም ዘለና ዝርአ እዩ።


### ምስቲ ዘይንቡር ረሃጽ፦

- ቃንዛ ኣፍ-ልቢ፣ ምውሳኽ ትርግታ ልቢ (palpitations) ወይ ሕጽረት እስትንፋስ ምስ ዝህልወና፣
- ጸርወርወ ምባልን ምውዳቕን ምስ ዘጋጥመና፣
- ዘይንቡር ምጉዳል ክብደት ሰብነት ምስ እንርኢ፣ ተቐላጢፍና ሕክምናዊ መርመራ ክንገብር ይግባእ።

### ረሃጽ እንታይ እዩ፧

ረሃጽ ዝበዝሐ ትሕዝቶኡ ማይ እዩ - 99 ሚእታዊት ዳርጋ። እቲ ዝወሓደ ወሃደቱ ግና ዝም ስዒቦም ዝዘርግዑ ነገራት ዝሓቐፈ እዩ።

- ከም ሶድየም፣ ፖታሽየም፣ ካልሽየምን ማግኒዝየምን ዝኣመሰሉ ናይ 'ኤለክትሮላይትስ' (Electrolytes) ኬሚካላዊ ወህደት ዘለዎም ማዕድናት ይርከቡ። 'ኤለክትሮላይትስ' ኣካላትና ዝፈጥሮም ናይ ግብረ-መልሲ ስምዒታት መልእኽቲ ንምስዳድ ይሕግዙ። ስለዚ፣ ብዙሕ ኣብ እንርህጸሉ እዋን ዝም ማዕድናት ቀልጢፍና ክንትክኦም የድሊ።
- ውሑድ ዓቐን 'ፌረሞን' (pheromones)። 'ፌረሞን' ሓደ ዝጅሩ እንስሳ ንኻልእ ብጾቱ ንምስሓብ ዘንዝዎ ኬሚካላዊ ምልክት እዩ።
- ረሃጽ ባክተርያ ዝሓዘወ'ን እዩ። እዚ ባክተርያ'ዚ እዩ ድማ ኣብ እንርህጸሉ እዋን ሰብነትና ሕማቕ ጨና ክህልዎ ዝገብር።
- ረሃጽ ውሑድ ዓቐን መርዚ'ውን ትሕዝቶ ኣለዎ።



### ረሃጽን ጥዕናን

ብዛዕባ ረሃጽ ክንሓስብ እንከለና፣ ውዑይን መጠግልጠግ ዝብልን ኮይኑ'ዩ ዝስመዓና። ካብዚ ፋልማዊ ስምዒታት'ዚ ሓሊፉ ረሃጽ ኣብ ጥዕናና ብዙሕ ረብሓታት እዩ ዘለዎ።

ብመንጽር ጥዕና ክንርዮ እንከለና ረሃጽ ጸቡቕ እዩ። እቲ ዝዓበየ ጥቕሙ ሙቐት ኣካላትና ንምቁጽጻር ይጠቕመና። ክንርህጽ እንከለና ብጠቕላላ ካብ ኣካላትና ማይ ነጥፍእ ኢና። ኣካላትና ዝበዝሐ ክፋሉ ብማይ ዝተሃንጸ እዩ። ስለዚ ብዙሕ ኣብ እንርህጸሉ እዋን ማይ ሰቲና ክንትክኦ ከም ዘለና ክንዝንግዕ የብልናን።



ንቕጸተ-ሰብነት (dehydration) ብዙሕ ኣብ እንዝሕልሉ እዋን፣ ወይ ንልዑል ሙቐት ንነዊሕ ሰዓት ምስ እንቃላዕ ኪጋጥመና ይኽእል። ንቕጸተ-ሰብነት፣ ነቲ ብመልክዕ ረሃጽ ዝወጸ ፈሳሲ ሰብነትና፣ ማይ ብምስታይ ክትክኦ ኣብ ዘይረኣዩ ሰባት የጋጥሞም።

ብዙሕ ምስ ርሃጽና ማይ ሰቲና ክንትክኦ ምስ ዘይንኽእል ብወቕዲ ሙቐት ክንጥቃዕ ዘለና ተኽእሎ'ውን ዝዓበየ እዩ ዝኸውን።

### ረሃጽ ኣብ ግዜ ምውሳዋስ ኣካላት

ረሃጽ ብዙሕ ግዜ ምስ ሃልኪ እዩ ዝመጽእ። ሓደ ካብኡ ምውሰዋስ ኣካላት እዩ። ምውሰዋስ ኣካላት ብዙሕ ጥዕናዊ ረብሓ እዩ ዘለዎ፦

- ሓይሊ ሰብነትና የዕቢ፣
- ጥዕና ዘለዎ ክብደት ሰብነት ክነውንን የኽእለና፣
- ሕማም ይከላኸለልና፣
- ኩነት ኣእምሮና የሐይሎ፣
- ጸቡቕ ክንድቅስ የኽእለና።

ካብ ምውሰዋስ ኣካላት እዚ ጥዕናዊ ረብሓ ክንረኽብ እንተ ኾይንና ናይ ግድን ክንርህጽ ኣለና።

ረሃጽ ኣብ ምእላይ መርዚ ካብ ሰብነትና ኣብ 'ሳውና' (sauna) ምስ ኣተና ዝፍጠር ረሃጽ ኣብ ሰብነትና ዝርከቡ ሓደገኛ መርዝም ቀመማት ኣብ ምእላይ ልዑል ጥቕሚ ከም ዘለዎ መጽናዕትታት የመልክቱ እዮም። ኣብ ሰብነትና ዝፍጠር መርዚ ኣብ ምጽራይ ሓላፍነት ዝሰከማ ኣካላት ኩሊትን ጸላም ከብድን እየን። እዘን ኣካላት'ዚአን ነቲ መርዚ ኣጻርየን ብምእላይ ብመልክዕ ሽንቲ ንደገ ከም ዝወጽእ ይገብራ። ረሃጽ'ውን ገለ ክፋል መርዚ ሰብነትና ኣብ ምውጻእ ሓጊዙ እዩ።

### ትሑት ዓቐን ምርሃጽ

ትሑት ዓቐን ምርሃጽ 'ኣንሂድሮሰስ' (anhidrosis) ይበሃል። ዕድመኻ ምስ ዝበዝሐ፣ ሙቐት ኣብ ዘለዎ ከባቢ ምቕማጥ 'ኣንሂድሮሰስ' ከተርኢ ንቡር እዩ። ናብ ዓዲ ሃሩር ምስ እትገይሽ ልዕሊ'ቶም ነበርቲ ንስኻ ኢኻ ዚያዳ ትርህጽ። ምንዳድ ቆርበት፣ ንቕጸተ-ሰብነት ከምኡ'ውን ጸገም ናይ ቆርበት ዘለዎም ሰባት'ውን 'ኣንሂድሮሰስ' የጋጥሞም እዩ።

### ረሃጽ ጨና ኣለዎ ድዩ፧

ብርግጽ ረሃጽ ዝኾነ ጨና የብሉን። ረሃጽ ጨና ዝፈጥር ምስኡ ብዝሕወሱ ካልእ ኬሚካላዊ ወህደት እዩ። እቲ ረሃጽ ባክተርያ ከራብሕ ምስ ዝጅምርን ኣብ ኣካላትና ዝርከቡ ሆርሞናት ዝተፍእዎ ጋዝ ምስ ዝሕወሶን ግድን ይጨኑ።

ብረሃጽ ዝፍጠር ጨና ሰብነት ንምእላይ ኣብ ጽሬት ሰብነትካ ጥቡቕ ምክትታል ክትገብር ይግባእ።

ምንጪ፦ WebMD

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ተቓውሞ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ኣንጻር ስደተኛታት ናበይ የምርሕ ይኸውን፧

ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣንጻር ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ዝቐንዐ ሓያል ተቓውሞታት ተላዒሉ ኣሎ። እዚ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ዝሳተፍዎ ዘለዉ ተቓውሞ፡ ካብ'ቶም ኣቐዲሞም ኣብታ ሃገር ዝተኻየዱ ተመሳሰልቲ ተቓውሞታት እቲ ዝሓየለ ኮይኑ ከም ዘሎ እዩ ዝንገረሉ ዘሎ። እዞም ነዚ ተቓውሞታት ዘካይዱ ዘለዉ ሲቪል ማሕበረሰብ ደቡብ ኣፍሪቃን ካልኦት ሰልፍታትን፡ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ኣብታ ሃገር ንልዑል መጠን ሸቐለት ኣልቦነት፡ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ጻዕቂ ህዝቢ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ቁጠባ ዘይርጉእነት ክፍጠር ምኽንያት ኮይኖም ከም ዘለዉ እዮም ዝኸሱ። በዚ ከኣ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ፡ ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ዓዶም ገዲፎምሎም ክወጹ ይጠልቡ ኣለዉ።

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ሓንቲ ካብ'ተን ዝለዓለ ቁጽሪ ስደተኛታት ዘለወን ሃገራት ምዃና እዩ ዝፍለጥ። ብኣሃዝ ክረአ እንከሎ፡ ኣብታ ሃገር ካብ 3 ክሳብ 5 ሚልዮን ዝግመቱ ስደተኛታት ኣለዉ - ብመሰረት ጸብጻባት። ብሰንኪ'ዚ ከኣ፡ መጠን ሸቐለት ኣልቦነት ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ናብ ልዕሊ 33 ሚእታዊት ክብ ከም ዝበለ እዮም፡ እቶም ነቲ ተቓውሞታት ከም ዘበጋግሱ ዝንገረሎም ምንቅስቓሳት ዝመልክቱ።

ብመሰረት እቶም ጸብጻባት፡ እዚ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝካየድ ዘሎ ተቓውሞታት፡ ብኽልተ ዓበይቲ ናይ ፖለቲካ ሰልፍታት ዝተለዓዓለ እዩ። እቲ ሓደ ፖለቲካዊ ሰልፊ 'ዳዱላ' ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ህዝባዊ ተቐባልነቱ ልዑል ኮይኑ ዘሎ ምንቅስቓስ 'ማርች ኤንድ ማርች' ዝተባህለ እዩ። ገለ ካብ ድሕረ ባይታ ናይ'ዞም ምንቅስቓሳት ምስ እንጥቅስ፡ ሰልፊ ዳዱላ፡ ኣብ 2023 ከም ፖለቲካዊ ሰልፊ ዝቖመ ኮይኑ፡ ኣንጻር ስደተኛታት ብተደጋጋሚ ሓያል ተቓውሞታት ከካይድ ዝጸንሐ ምንቅስቓስ እዩ። እቲ 'ማርች ኤንድ ማርች' ብዝብል ቅጽል ስም ዝፍለጥ ካልኣይ ምንቅስቓስ ድማ፡ ኣብ 2025 ብሓንቲ ጃሲንታ ንገበስ ዝተባህለት ወርይቲ ናይ ሬድዮ ጋዜጠኛ ዝተመስረተ እዩ። እዞም ሓደ ፖለቲካዊ ዕላማ ሒዞም ኣብ በበይኑ እዋን ዝተመስረቱ ምንቅስቓሳት እዮም እምበኣር፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ተወሃሂዶም ኣንጻር ስደተኛታት ሓያል ተቓውሞ ዘካይዱ ዘለዉ። ከምዚ ዝተጠቕሰ፡ ዕላማ ናይ'ዞም ክልተ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ሓደ እዩ። ንሱ ድማ፡ ኣንጻር ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ተሪር ሕጊ ንምጽዳቕን፡ መንግስቲ ድማ ኣብ ዶባት ሃገሩ ዕቱብ ምክትታል ክገብር ንምግዳድን እዩ። እዚ ማለት ድማ፡ ኣብታ ሃገር ንሕጋውያን ይኹን ዘይሕጋውያን ስደተኛታት፡ ብዙሕ ዕድል ስራሕ ዘይምኽፋት፡ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ንዘይብሎም ምብራር፡ ከምኡ ድማ ኣብ ዝኾነ ህዝባዊ ኣገልግሎታት ንደቡብ ኣፍሪቃውያን ጥራሕ ቀዳምነት ምሃብ ማለት እዩ።

በዚ ምኽንያት እዮም ከኣ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ "ቀዳምነት ንዜጋታት ደቡብ ኣፍሪቃ" ብዝብል ሰበብ ሓያሎ ስደተኛታት ኣገልግሎት ጥዕናን ትምህርትን ካብ ምርካብ ክተዓናቐፉን ክኾሩን ዝረኣዩ ዘለዉ። ብዘይካ'ዚ፡ በዚ ተቓውሞታት'ዚ ዝሰግኡ ስደተኛታት ኣብ ኣባይቶም ክሸጉጡ'ውን ተገዲዶም እዮም። ምኽንያቱ፡ ሓያሎ ካብ'ቶም ናይ ግሎም ድኳናት ዘለዎም ስደተኛታት፡ ትካላቶም በዞም ደቀ ባት ተቓወምቲ ዓንዩን ተዘሚቱን እዩ። ኣብዞ ዝሓለፈት ወርሒ ጥራሕ፡ ኣብ ከተማታት ጆሃንስበርግ፡ ፕሪቶርያን ካልኦትን፡ ብሰንኪ ጸጥታዊ ስግኣት፡ ብኣማኢት ዝቑጸራ ትካላት ናይ'ዞም ወጻእተኛታት ተዓጽየን እየን። ብተወሳኺ፡ መብዝሕትኦም ካብ'ዞም ሕጂ ግዳያት ኮይኖም ዘለዉ ስደተኛታት፡ ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን እዮም። ብዓቢኡ'ውን እቲ ተቓውሞ፡ ነዞም ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን እምበር ንኻልኦት ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ስደተኛታት ዒላማ ዝገበረ ኣይኮነን - ብመሰረት እቶም ጸብጻባት። በዚ ከኣ፡ መንግስቲ ጋና፡ ኣስታት 300 ዜጋታቱ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ንምውጻእ፡ ኣብ መስርሕ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ ኣሎ። ናይጀርያ እውን ንኣስታት 130 ዜጋታታ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ንምውጻእ ትዳሎ ምህላዋ'ያ ትሕብር። ጋናን ናይጀርያን ዝሓለፈ ሰሙን ንልኡኽ ደቡብ ኣፍሪቃ ተቐቢለን፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ልዕሊ ዜጋታተን ዝወርድ ዘሎ ዓመጽን ግህሰትን ከም ዝተዘራረባ ዝዘከር እዩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ግፍዒ ክቋረጽ ከም ዘይክኣል እዩ ዝንገር። ነዚ ኣመልኪተን፡ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝርከቡ ዜጋታተን ድሕነቶም ንምሕላው ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ ይጽውዓ ኣለዋ። እዘን ኬንያ፡ ማላዊ፡ ሌሶቶን ዚምባብወን ዝርከባኦን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ዜጋታተን ብዝተኻእለ መጠን ካብ ኣባይቶም ከይወጹ እየን ዝምሕጸና ዘለዋ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣባላት ሲቪል ማሕበረሰብ ደቡብ ኣፍሪቃ ናብ ጎደናታት እናወጹ፡ ኑቶም ስደተኛታት ብዘይ ኣገባብ ሰነዳቶም ክርእዩዎም ይጠልቡ ኣለዉ። ብተወሳኺ፡ ገለ ወገናት እታ ሃገር፡ ንወጻእተኛታት ኣብ ጎደናታት እናጋፍዑ እንከለዉ ዘርኢ ተነቀሳቓሲ ስእሊ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ተዘርጊሑ ቀንዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ስደተኛታት ከይተረፉ፡ በዞም ተቓወምቲ ግዳያት ኮይኖም ደብሳበሱን ንብረቶም ይዝመት ከም ዘሎን እዩ ዝንገር። ብሰንኪ'ዚ ከኣ፡ ሓያሎ ስደተኛታት፡ ኣብ ከም ብዓል ጆሃንስበርግ፡ ፕሪቶርያን ዱርባንን ዝኣመሰላ ዓበይቲ ከተማታት ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ናጻ ኮይኖም ክንቀሳቐሱ ኣይከኣሉን ዘለዉ።

ኣብ'ዘን ዝተጠቕሳ ከተማታት፡ ኣባላት ናይ'ዘን ኣቐዲመን ዝተጠቕሳ ናይ ፖለቲካ ምንቅስቓሳት፡ ንብርክት ዝበሉ ስደተኛታት ካብ ትምህርቲ፡ ጥዕናን ካልእ ህዝባዊ ኣገልግሎታትን ከልኪሎሞም ኣለዉ። ብሰንኪ'ዚ ከኣ፡ ስደተኛታት ዝኾኑ ገለ ነፍሰ ጾራትን ቆልዑን ግዳያት ኮይኖም ይርከቡ። ማሕበረሰብ ዓለም፡ ነዚ በቶም ሰልፍታት ዝካየድ ዘሎ ጸረ ስደተኛታት ዝኾነ ተቓውሞታት ብምንጻግ፡ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኑቶም ምንቅስቓሳት ክብትኖም ይጽውዕ ኣለዉ። ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶኒ ጉተረስ ብወገኑ፡ ነቲ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝካየድ ዘሎ፡ ኣንጻር ስደተኛታት ዝቐንዐ ተቓውሞን ግፍዒታትን ብትሪ ከም ዝኹንኖ ገሊጹ ኣሎ። ፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ሲሪል ራማፎዛ እውን፡ ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃውያን ኣሕዋት ከምዚ ዓይነት ግህሰት ምፍጻሙ ዘይሕጋዊ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ነቲ ተቓውሞታት ብትሪ ከም ዝኹንኖ ኣፍሊጡ። ንሱ ወሲኹ፡ "ኣፍሪቃውያን መሓዙትና፡ ሃገርና ኣብ ግዜ ስርዓት 'ኣፓርታይድ' ገጢሙዋ ንዝነበረ ከቢድ ብድሆ፡ ብሳላ ናታተን ጥምረትን ሓገዝን ከም እተፈትሕ ክንዝክር ይግባኣና'ዩ፡" ክብል ተሰሚዑ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ እዚ ተላዒሉ ዘሎ ተቓውሞታት ንመንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ከም ዘይውክል ኣስሚሩሉ። መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብታ ሃገር ዘጋጠመ ፍጻመታት፡ "ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ወጻእተኛታት" እናተባህለ ምጽዋዑ ዘይፍትሓዊ ከም ዝኾነ እዩ ዝገልጽ። ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ካብ ሃገራት ትሕተ ሳህራ ኣፍሪቃ ዝመጹ ስደተኛታት ማዕበላዊ ተቓውሞታትን ዓመጻትን ክረአ ካብ ዝጅምር ነዊሕ'ዩ ኣቑጺሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት፡ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ መንበሪ ፍቓድ ዘይብሎም ኣስታት 109 ሽሕ ስደተኛታት ካብ ሃገሩ ኣባሪሩ እዩ። ብሓፈሻ፡ ብመሰረት'ቲ ኣብታ ሃገር ዝተኻየደ ብ'ዚኖዎች' ዝፍለጥ መጽናዕቲ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ካብ 1994 ኣትሒዞም ብሰንኪ ዝተኻየዱ ኣንጻር ስደተኛታት ዝቐንዑ ተቓውሞታትን ምግላል ካብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን፡ ኣስታት 700 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 128 ሽሕ ድማ ካብ ኣባይቶም ተመዛቢሎም። ልዕሊ 5,600 ትካላት ንግዲ'ውን ተዘሚተንን ዓንየንን።

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ልዕሊ 64 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ዓባይ ሃገር ኮይና፡ ብደረጃ ዓለም ብብዝሒ ህዝባ ኣብ መበል 24 ደረጃ ተሰሪዓ ትርከብ።






### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ እቲ ዓቢ ዛንታ 03 |
| 15:30 | መደብ ሞዛይክ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ግጥሚ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ሞዛይክ |
| 18:50 | እትመት |
| 19:25 | መደብ መዚቃ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳዉን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ሕብሪ ናጽነት፡ ብቕኒት ናይ'ቲ ጸሊም ኮኾብ

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ኣብ ናይ ረቡዕ 13 ግንቦት 2026 ሕታምና፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት በዓል ጸንበል ናጽነትና "ሕብሪ ናጽነት፡ ብቕኒት ናይቲ ጸሊም ኮኾብ" ብዝብል ኣርእስቲ ትንታኔ መዝሙር ናጽነት ኣቕሪብና ነይርና። ንሎሚ ድማ 2ይን መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ፥*



ናጽነት እንተ ዘይህልዩ እትኸዶ ቅሱን ጉዕዞ ህይወት ከቶ ኣይህሉን። ንሳ ደምን ትንፋስን ሓፋሽ እያ። ኣብ ዝጸና ተሓዚልካ ድማ ትምርሽ። ሰብን ናጽነትን ዋላ ንሓንቲ ደቒቕ ክፈላለዩ ኣይግባእን። ንሶም ብዘይብኣ፥ ንሳ ብዘይ ብኦም ኣይትኸበርን። ኩታ ሰብ ብዘይብኣ ኣይሕፈሩን ኣይንብሩን። ናጽነት ከም ቁርሲ ቡን ዝዕደል ነገር ኣይኮነትን። ብደም ሓፋሽ ዝጸሓፍ ሓይሊ ብሉጽነት እያ። ክንደይ ኣዋርቕ ህይወት ዝወሰደ ብርቱዕ ውሕጅ እያ። ብሓፈሻ ናጽነት ካብ ኣእላፍ ጸበባን ኩርማን ካብ መከራን ሓሰራን ዝወጸት ብልጽቲ ህያብ ቃልሲ እያ። ብቕልጽም ጠበንጃ ድማ ትረጋገጽ። ጸሓይ'ያ ጸሓይ ብጸሓዩ ካዕ ዝበለት ዓለም።

ክቡር ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልስን ድሕሪ ናጽነትን ብዛዕባ ትርጉም ናጽነት ኣመልኪቱ ዝበሎ ወርቃዊ ቃል ዘከረ። "ኣብ ዓለም ሰብን ናጽነትን ክፈላለዩ ዘይግብኦም ህያባት እዮም። ኣነ ድማ ናጽነት ኤርትራ ክርኢ እየ። ሓቂ እንተ ኸይኑ ኣብ'ዛ ዓደይ፥ ከም'ኡ እንተኾይኑ ድማ ኣብ'ቲ ካልኣይ ዓለም" ይብል። ብተወሳኺ፥ ክቡር ፕረዚደንት፥ "ናጽነትና ኣብ ወርቂ ብያቲ ገይሩ ዘቕበለና ሰብ የለን። ብደምጽን ደምን ህዝብና'ዩ ተረጋጊጹ"። "ህዝቢ ኤርትራ ንዊሕ ዓመታት ተቓሊሱ፥ ብሓይሉ ናጽነቱ ብናጻን ምሉእ ደምጹን ምርግጋጹ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ተቐሚጡ ኣሎ" ክብል ኣብ በበይናም እዋናት ገሊጹ ነይሩ።



ናጽነትና፡ ካብ ናይ ካልኦት ሃገራት ፍልይ ዝበለ ታሪኽ'ዩ ዘለዎ። ንዓኣ ንምርካብ ዝተኻየደ መሪርን ነዊሕን ናይ ዓመታት ቃልሲ፥ ተኣምር ኢልካ ምሕላፉ'ውን ዝልከዮ ቃል ኩይኑ ይስመዓኒ። ኣርዑት መግዛእቲ ተሰይሩ፥ ናጽነት ከም ጸሓይ ንግሆ ማሰስ ኢላ ምስ በረቐት ድማ፡ ንኽብራ ብዙሕ ደምጽታት መዝሙር ብዓውታ ተዘሚሩላ። ነታ ህዝቢ ኤርትራ ብሓገስ ንዓመታት ብዘይ ምቁራጽ ደምጹ ክብ ኣቢሉ ዝሓደመላ ወርቃዊት በዓል። ምኽንያቱ ልዕሊ ናጽነት ዝዓቢ ነገር ስለ ዘየሎ።

ክቡራት ኣንበብቲ ንሎሚ'ውን ከም'ቲ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ብዛዕባ መልእኽትን ትርጉምን ደርፍታት የማነ ብዛዕባ ናጽነት ወሰ ዘበልናዮ ንሎሚ'ውን ካብዞም ከም ማይ ምደረብዳ ዝጽምኡን ዝፍተውን ደርፍታት ባርያ ከይወጻእና፥ ንሓንቲ ካብዘን ንበዓል ናጽነት ተባሂለን ዝተዘየማ ሕደማታት ነታ "ዝስተኻ ጽሩይ ካብ ማይ



ሓርየት" እትብል ትግጥም እንተበልናያ ጽቡቕ እመስለኒ። ንምዘኻኻር፥

*ከመዓልካ ወዲ ኤረይ ሓየት*<br>*ዘስተኻ ጽባ ካብ ማይ ሓሬት*<br>*ጸዋዕዚ ኢሉካ'ውን ኣቤት*<br>*ብኮለኻ 'ያ ወጊሓ መሬት።*

ኣብ'ዛ ቀዳመይቲ ማይ ቤት ናይዛ ደርፌ ዘሎ ቃላት ኣገዩ ደስ ዝብል

*ዕልል በሊ ወዲት ተሓጎሲ*<br>*ብደቕኺ ዕንበባኺ ሕፈሲ*<br>*ተቓይሩ'ዩ ደጎ ኩይኑ ራሕሲ*<br>*ቓርብዮ ምጉብ መበልዲ ቀርሲ*<br>*ኣይ ናይሉምን ናይ ቀደምኪ'ዩ*<br>*ልግሲ።*

ንሱ፥ ኣብ ኮረሒ'ዛ መዝሙር፥ ልዕሊ ናጽነት ዝዓቢ ህያብ ስለ ዘየሉ እቶም ትማሊ "እዞም ደቀይ ኣልኪ" መሪቐኪ ዘፋነኸዮም ደቕኺ፥ ከምታ ትምኒትኪ ኣኽሊል ዓወት ሒዞም ስለዝመጹ፥ "ዕልሊ፥ ተፈስሂ፥ ንጠሪ "ሕልምታትኪ ተጋሂዱ'ዩ" ብዝብል ሓዘል መልእኽቱ ክዝምር ይሰማዕ። ትምኒት ባህጊ ልብኺ ብምህርቲ ቀውዒ ናጽነት ስለዝተሓፍሰ፥ ሸሻይ ሰላም ንምቅዳስ መብልዒ ቁርሲን ሞጎብን ቀረርቢ ይብል። ምስ ባህልን ባህርን ኤርትራዊት ኣደ ብምትእስሳር ድማ፥ ምስ'ቲ ዕልልታን ፈስታ ናጽነትን "ኣይ ናይ ሉምን ናይ ቀደምኪ'ዩ ልግሲ" ክብል ይሰማዕ። ባርያ ናጽነት ድሕሪ ምርካብ፥ ወርቃዊ ኣበህላኡን ጸምኣት ሓርነቱን እዚ ዝተገልጸ ጥራይ ኣይኮነን። ብምቕጻል፥

*ደስ ኢሉኒ እንሆ ደስ ይበልኪ*<br>*እንሆ ዓወት፥ ተኸሊ ስልማትኪ*<br>*ኣደ ጅግና ኣደ ዕጡቕ ወዲ*<br>*ኣደ ሓየት ዋልታ ጸንዐ ዕርዲ።*

ዘይከም ካልኦት ኣደታት ዓለም ኤርትራዊት ኣደ፥ ኣብ ወሸጢ ልቢ ህዝባን ሃገራን እትነብር ፍጥርቲ እያ። እፎይ ኢላ ሓንቲ መዓልቲ ከየዕረፈት ምስ ገልጠምጠም ናብራን ሃገርን እትመሓዞ ዋዕሮ እያ። ኣብይ ንኸተሳገግ ምእንቲ ሰላምን ናጽነትን ብዓል ቤታን ኩሎም ደቃን እተዋፍር ፍልይቲ ፍጥረት እያ። ልባ ሃገር ይዝምር። ንጽባሕ ብተስፋን ራእን እናማዕደወት፥ ዕዮ-ገዛ ዛዚሞም ከመጽኡዋ ተጸልት። ከም ባህጋ ድማ ገይሮም። ዝ'ዩ ድማ ባርያ "ኣደ ጅግና፥ ኣደ ዕጡቕ ወዲ" እናበለ ክዝምረላ ዝተሰምዐ። ንጽግዓታን ተወፋይነታን ድማ ብዘይንቕንቕ ጸንዐ ዕርዲ ወኪልዋ ደርኩቡ። "እንሆ ዓወት፥ ተኸሊ ስልማትኪ" ምባሉ ድማ ወጽኢት ዓወት ደቃ፥ ሳላ ናታ ጸዐርን ተወፋይነትን ምኻኑ የረድእ።

ኣኾልዲታት'ዩ ወከሉ ዝርከቡ፥ ንጽባቐን ሓድነትን ንጽንዓትን ትብዓትን ንፍቕርን ኩርዓትን ህዝቢ ኤርትራ ድማ ይገልጽ። ሳላ ሓይልኻን ወህደትካን መሬት ኣማን ኩይኑ፥ ወጊሑ ሓዲሽ ህይወት ከም ዝተጀመረን በርሃውሃው ከም ዘበለን የበስር። ኣልገበ ብምቕጻል፥



*ደቂ ዓድና ሰብ ደርብ ሞያ*<br>*ዕጡቓት ሰረ ገርቲ ቅያ*<br>*ደቂ ዓድና 'ቲ ጅግንነቶም*<br>*ዓለም የዝርብ ቀራጽነቶም።*

ቅያን ጅግንነትን ኤርትራውያን ብቐንዱ ካብ ቀዳሞት እናተወራረሰ ዝመጽአ ትውፊት እዩ። ትደሚ ትኸውን ትሰዋእ'ውን ትኸውን ኣብ መጨረሻ ግን መዓልያ ዓወት ናይ ኤርትራዊ ምኻኑ'ዩ እቲ መልእኽቲ። እቲ ሰረን ታሪኽን ከኣ ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ምኻኑ'ውን ንምርዳእ ኣየጸግምን። ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ታሪኽ ምስራሕ ስለ ዝኾኑ።

ጸልማት፥ ጸቡ ፋኑሲ… ዝበሉ ኣብ ግቡእ መናድቕ ቦታኦም ተሰኺዖም ደርኸቡ። እዚ ድማ'ዩ ንባርያ ሓያል ስጥባበኛ ከብሎ ዝኸኣለ።

*ኣብ ጸገም ጸቡ ደላን ኩኒ ጭንቂ*<br>*ኣብ ሰደት መከራ*<br>*ሃዲመን ምስ ደርቂ*<br>*እወ ኩይኑ ራህዎ*<br>*ኤርትራና የዕሩፉ።*

ይብል። ጸገምን ጭንቅን ሰደትን መከራን… ሳላ'ቲ መሪሕ ህዝቡ ኩይኑ ጋሕጋሕ ዝወፈረ ጅግና፥ ከም ኣረጊት ክዳን ኣርሒቑ ከም ዝተደርበየ ይሕብር። ደጊም ዝወግኦ እሾኽን ዝሹኹዩ ጸጸርን ስለ ዘየለ ኣፍልቡ ነፊሑ ክቡዓዝበን ንመሪቱ ኣይልዳሉ ክረግጻን ከም ዘለዎ ድማ ይነግረና። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝነጠጠየ ደበና ሻቕሎትን ጥፍኣትን ቅንጥጥ ከም ዝበለን፥ ሃገርና ድማ ምስ ደቃ እፎይ ኢላ እተዕርፈሉ ግዜ ከም ዝኣኸለን ይሕብር። ባርያ ኣብ መወዳእታ፥ ንደላዪ ናጽነት ንትሪ ሓይሉ በቲ ሓደ፥ በቲ ኻልእ ድማ ንጽምኣን ሃረርታን ናጽነት ብዓብሪ ዝተርጎመ ተባዕን ረባሕን ምኻኑ፥ በቲ ሓያል መልእኽቱ ክዝክዞ ደረሰ።



*ኣብ ዕርድታት ጸላኢ ሓዲን እናሰባበረ*<br>*ሃንቀውታ ናይ ህዝቡ ዓወት ዘበሰረ።*

ብምባል ነቲ ፈዋሲ ሕማም መግዛእቲ ዝኾነ ተጋዳላይ ከድንቕ ይሰማዕ።

*ሰረርኻዮ ዓሪቑ ዝቖረረ*<br>*ተደሪሩ ጾሙ ዝሓደረ*<br>*ኣርዊኻዮ ዝጸምአ ጎረሮ*<br>*ተፈቲሉ መቖነሕ ዝኣሰሮ*<br>*ኣየ ቃልሲ ኣየ ተመክሮ…*

ኣብ'ዛ ግሪት ናይ'ዛ መዝሙር እዚኣ፥ ንደላዪ ናጽነት፥ ሳላ ዝኸፈሎም ዓበይቲ ዋጋን ክብርታትን ኣብ ኮረሻ ክብሪ ክሰቕሎ ደረሰ። ነቲ ብሰንኪ ኣደራዕ መግዛእቲ ዕድላቱን መሰላቱን ተነፊግዎ ዝጸንሐ ህዝቢ ድማ ኩሉ ሽግራቱ ከም ዝተፈትሐን ከም ዝተቓለለን ይዛረብ። እዚ ኩሉ ቅያን ጅግንነትን ድማ ካብ ጥንቲ ዝወረሶምን እናተመኩረሎም ዝመጽኣን ምኻኑ፥ ግዝነታን ቅያን ህዝቢ ኤርትራ ክዮር ይሰማዕ።




*ተቐንጢጡ'ዩ ጸልማት ሰዊርኻዮ*<br>*እንሆ ብርሃን ፋና ወሊዕካዮ*<br>*ፋኑስ ኢኻ ፋኑስ መብራህቲ ሃገር*<br>*እምበር ጅግና፥ ጅግና ብዓል ቀምበር*<br>*ዕጡቕ ሰረ ፍጹም ዘይደናገር።*<br>*ደጊም የለን ፍርሒ*<br>*ተወሊዓ'ያ ወርሒ*<br>*እሾኽ የለን ተኸርባ*<br>*ተተኺሉ ዕንበባ*<br>*እወ የለን ስክፍታ*<br>*ቀሲኻ ርጉጽ ባይታ።*

እውን ይውሰኽ። እዚ ኩሉ ዝተሓልፈ መሳልል ቃልሲ፥ ሳላ ቀራጽነት ነቕ ዘይብል መትከል ደላዪ ናጽነት ስለዝተረጋገጸ "ፋኑሱ መብራህቲ ሃገር ኢኻ" እናበለ ክውክሎ ደሰማዕ እዩ። ኣብ ኮሪሕታት ናይዛ ደርፌ ዘሎ ወክልናታት ክጽብቐ ጉድ እዩ። "ወርሒ፥ ተኸርባ፥ ዕንበባ፥ መብዝሕትኦም ናይ የማነ ዕዮታት ስነ ጥበባዊ ዘመናዊ ወቕዒታት ዘለዎም ኩይኖም፥ ጣዕሚ ብዘለዎ ህዱእ ኣካይዳ ጀሚሮም፥ ናብ ውዑይ ህርመት ብምስጋር ሃረርታ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጹ ሕደማታት እዮም። ደርፍታት ባርያ፥ ኣብ ከም ብዓል ሱዳን፥ ኢትዮጵያ፥ … ዝኣመሰላ ጉረባብትና ሃገራት'ውን ክጽወት ንሶም'ያ ኢና። እዚ ሓይሊ ስግረ-ዶባዊ ጽልዋ ናይዞም ደርፍታት ከኣ ንብቕዓት ናይዚ ደምጻዊ ዝምስክሩ እዮም። ባርያ፥ ኣብ ሃገርን ናጽነትን ዘለዎ ኣኾልዲታት ሕልፊ ኣሎዎ። ክብሮ ሃገርን ናጽነትን ዝኸዱ ሕደማታቱ እውን ፍሉያት እዮም። ብፍላይ ንፍቕሪ፥ ብሓፈሻ፥ ኣብ ሓሳባት ደቂሰባትን ምስ መሬቶም ዘለዎም ኣጠማምታን ኣገጣጥማ ከርናዕን ኣብ'ዚ ዝሕጸር ኣይኮነን። ርሒስ ቅንያት ናጽነት።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ልዋም ተስፋሚካኤል ተስፋዝጊ፡ ወከል ወ/ሮ ሰቡ መብራህቱ ዘኪያርጊስ፡ ኣደይ ወ/ሮ ርሻን መብራህቱ ዘኪያርጊስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ፡፡

ኣይመን ጀማል ማሕሙድ፡ ስም ኣደይ ራህዋ ዓብዱ ምባል ተሪፉ፥ ራህዋ ዓብዱ ያሲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ፡፡

ኣብ መንነ ንግስቲ ክፍለ ፍሰሃ፡ ተጸዋዒ ኣማረ ይሕደጎ ወልደየናስ ዘሎ ናይ ሞግዚት ምሻም ጉዳይ፥ ተጸዋዒ ኣማረ ይሕደጎ ወልደየናስ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዑ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ32 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ትርሓስ ተስፋይ ጎይትኦም፡ ተኸሳሲ. ኣቶ የናስ ተኽለ ጉብረሂወት፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል፡ ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ኣብ ቤ/ ፍ 5ይ መጋብኢያ ዕ/እ'ኽሊ. ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

መሓሪ ጊደዎን ዘለቐ ምባል ተሪፉ፥ መሓሪ ጊደዎን መኮንን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ፡፡ ወ/ሮ የሩሳሌም ጉብረኪዳን ሓይሩ፥ ወከል ሊድያ ጉብረኪዳን ሓይሩ፥ ኣደይ ጉት ናይዝጊ. ተስፋማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ ጥራይ ወራሲቲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሩታ ብርሃ ተኽለማርያም፡ ተኸሳሲ. ሳሚኤል መንግስትኣብ ሃይሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል፡ ን04/06/26 ኣብ ቤ/ ፍ 8ይ መጋብኢያ ዕ/እ'ኽሊ. ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

ተጋ/ኣበባ በየነ ተኣ፡ ብዋል ቤተይ ተስፋይ ወልደሚካኤል ተመልሶ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወላድና ከኣ ወራሲት ምኳና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ዕ/ እ'ኽሊ. ይቕረብ፡፡

ስምኦም ሃብተጼን ተስፋሚካኤል፡ ስም ኣቦሓጎይ ዛይድ ነጋሲ. ማና ምባል ተሪፉ፥ ዛይድ ነጋሽ ማና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ 16/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ፡፡

ሊታይ ዑቕባእንድርያስ ቀሊታ፡ ወከል በረኸት የሴፍ ተኽሉ፡ ኣደይ ጸሃይቱ ዘወልዲ. ግደ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ዕ/ እ'ኽሊ. ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/መሳል ፍረዝጊ. ሃይሉ ዑቕባጽዮን፡ ብፍ/በ/ዕዳ 1. ፍጹም ስዩም ጉብረስላሴ 2. ሳልሕ ሓምድ ዓሩ ወከል ኑብዮት ስዩም፡ ቁ2 ኣድራሻኹ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን06/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ35 ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

ሰለሙን ሃይለስላሰ ገዛኸኝ፡ ሓውና ግርማይ ሃይለስላሰ ገዛኸኝ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ተተኻእቲ ደቀም ከኣ 3 ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሚካላ ዳኒኤል ተወልደ ምባል ተሪፉ፥ ሚካል ዳኒኤል ሓድጉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ዕ/ እ'ኽሊ. ይቕረብ፡፡

ኣብ መንነ ይግ/በዛሊት ሂወት ተወልደ ወልደጋብርን መ/ወዛብቲ ወረስቲ ኣፍ/ ኣለምሰገድ ኣድሓኖም፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ መ/ወዛብቲ ቁ/2 መብራት ኣለምሰገድ ኣድሓኖም ኣድራሻኺ. ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ. ን29/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋብኢያ ቁ35 ቕረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ኣኽበረት ጉብረኣብ ንገሱ፡ ብፍ/ስ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ዘውዲ ኪዳን 2. ወ/ሮ መብራት ሃይለሚካኤል፣ ንፈጸሚ ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልክን ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ኣብ ቤ/ ፍ 6ይ መጋብኢያ ዕ/እ'ኽሊ. ቕረባ፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

ብፍ/በ/መሳል ወረ/ኩፍ ኣብርሃት ተኽለሚካኤል ስብሃቱ፡ ወረ/ኩፍ/ር ተከኤ ተኽለሚካኤል ስብሃቱ፡ ብፍ/በ/ ዕዳ ወረ/ኩፍ ኣብርሃት ተኽለሚካኤል ስብሃቱ፡ ወረ/ኩፍ ኣብርሃ ተኽለሚካኤል 1. ሚከኤል ኣብርሃ ተኽለሚካኤል 2. ምሕረት ኣብርሃ፣ ንፈጸሚ ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ኣብ ቤ/ ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ኣቶ ጳውሎስ ዳኒኤል፡ ኣቦይ ዳኒኤል ጉብረኣብ ጉብረማርያም ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ጥራይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተኽለሃይማኖት ምሕረ ዑቕባሚካኤል ምባል ተሪፉ፥ ተኽለሃይማኖት ምሕረ ዑቕባጉብረኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ሲሞን ዘርኢት ሐርይ ምባል ተሪፉ፥ ኣሲሞን ዘርኢት ሐርይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቤቱ ሳምሶም ዳዊት ምባል ተሪፉ፥ ቤተልሄም ሳምሶም ዳዊት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ የዛና ሃብተገርግሽ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ከስተ ሃይለ ዓንደማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣራጋሽ. ሰለሙን በራኺ፡ ብዋል ቤተይ ኣብርሃም ኣርኣያ ኪዳነ ስለዝዘተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣለም ኣስመሮም ወልደኣብዝጊ፡ ተኸሳሲ. መዋእል ተስፋሚካኤል ኣብይ፥ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል፡ ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

ከሳሲት ብርኽቲ ሃይለ ወልደጋብር፡ ተኸሳሲ. ሃንስ ተኽለ ተስፋማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል፡ ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

ከሳሲ. ኣቶ ኣንገሶም ጠዓመ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ነ/ሄር ጠዓመ ደስታ ወረ/ነ/ሄር ብርሽ ዘረፋ 1. ወ/ሮ ትርሓስ ጠዓመ 2. ወ/ሮ ኣስቴር ጠዓመ 3. ኣቶ ዳንኤል ጠዓመ 4. ብርሃ ጠዓመ 5. ፍረወይኒ ጠዓመ 6. ኤልሳ ጠዓመ 7. ነ/ሄራት ኑብያት ጣዓመ 8.ነ/ሄር ክብሮም ጠዓመ፣ ናይ ምቅሊት ውርሲ. ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ ፍ ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

ዘሚካኤል ኣሰታ ኣሰፍሃ፡ ኣቦይ ኣሰታ ኣሰፈሃ ተስፋማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንኣዴና ሉተርፍኤል ወልደያሰስ ናይ መጻምዲ. ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ከኣ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ምሕረት ወልደሚካኤል ተኽሉ፡ ብዋል ቤተይ ጉብረያሰስ ኣርኣያ ተከኤ ስለዝዘተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መኮንን በሊይ ኪዳነ ምባል ተሪፉ፥ መኮንን ገሊየ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ግርማይ ተወልደ፡ ተኸሰስቲ ወረስቲ ነ/ሄር ኣድሓኖም ዘሚካኤል 1. ነ/ሄር ተሰፋት ዘሚካኤል ተተኻእቲ ደቁ 1.1 ናዝሬት ተሰፋት 1.2 ቤንሀር ተሰፋት ዘሚካኤል 1.3 ቶማስ ተሰፋት ዘሚካኤል 1.4 ኣቤል ተሰፋት ዘሚካኤል 2. ነ/ሄር ሉተብርሃን ዘሚካኤል ተተኻእቲ ደቃ 2. ኣልማዝ ስዩም 3. ነፍ/ሄር ኣብርሃም ዘሚካኤል ተተኻኢ. ወዱ 3.1 ኣሌክሳንደር ኣብርሃም፣ ናይ ግዝኣት ሲቪላዊ ክሲ. ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል፡ ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ኣብ ቤ/ ፍ ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሚዛን ምሕረትኣብ ዓንደመስቀል፡ ብዋል ቤተይ ኣቶ ሓድጉ ሰንቀይ ተስፋይ ስለዝዘተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከበቢ.05 ዞና 02 ዚፕ ኮድ 6K-1382 ብሎክ 103 ስፍሓት 150.0525 ት/ሜ 4 ቀንዲ. 2 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ. ምስ መካበቢያኡ፥ ብስም ፋጥና ዓብደላ ዕሰማን ምስ 3 ደቃ ዝተመዝገበ፡ ብዕድጊ. ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝኾነ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ. መእገዲ. ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተነይሩ ውሳነ ሐዙ ናብ ጨ/ቤ/ጽ ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፥ ብዘሉ. ስሩዓት ጉዳዩ ክውድእ ምኳነይ ኢሕብር፡፡

ወ/ሮ ሸሻይ ተኽሉብርሃን ዓንደገርግሽ

---

ማሕበር ወሃንቲ ኣውቶብሳት ዓወት፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ሃገርና ንምጽንባል ኩሉኹም ኣባላት ማሕበር ዓወት ንዕለት 21/05/2026 ኣብ ኣዳራሽ ሊ.ባኖስ ሰዓት 12፡00 ድ/ቀ ክትርከቡ ብኣኽብሮት ነዕድም፡፡

ቦርድ ማሕበር ዓወት

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ምም/ከበቢ. ማእከል ከተማ ፕሎት 43 ፓርሰል pOP 43 ስፍሓት መሬት 479.33 ትት/ሜ 3 ቀንዲ. ክፍሊ. 3 ተሓጋጋዚ. ክፍሊ. ዝተደኮና፡ ብ/ቁ ንብረት 4BRDKM002293 ብስም ኣቶ በረኸት ሓጎስ ታእዛዝ ዝተመዝገበ ብሀያብ ዝረኸብኩዎ፡ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፥ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ. መእገዲ. ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተነይሩ ውሳነ ሐዙ ናብ ክፍሊ. ቴክኒክ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ይቕረብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፥ ብዘሉ. ስሩዓት ጉዳዩ ክውድእ ምኳነይ ኢሕብር፡፡


ወ/ሮ ሳባ ወልዳይ ጉብረሚካኤል

---


ዕድመ መመረቕታ መጽሓፍ

ናብ ክቡር/ክብርቲ፡ ______________________

"ንኹሉ እንቋዕ ኣርከብካሉ" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ብዛዕባ'ቲ ህቡብን ሕልና ሃገራውያን ዝኸሕኮሐን ስምዒት ዝቐስቅሰን ኮኾብ ስነ-ጥበበኛ ተኽለሚካኤል ጉብሩ (ወዲ ጉብሩ) ታሪኽ ሂወት እትትርኽ መጽሓፈይ




ንዓርቢ. ዕለት 15 ግንቦት 2026 ኣመርቕ ስለዘለኹ፥ ክትሳተፉ/ፊ ብኽብሪ እዕድም፡፡

ፋኑኤል ዑቕባሚካኤል

ቦታ፡ ኢምፐርያል/ እምባሶይራ ሆተል
ሰዓት፡ 6:00 - 7:00 ድ.ቀ.
ብድሓን ምጽኡ!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## Vacancy announcement # 001

**VACANCY- Programme Analyst, Family Planning and Reproductive Health Commodity Security (FP and RHCS), UNFPA-Eritrea**

| | |
|---|---|
| **Job title:** | Programme Analyst, FP and RHCS |
| **Level:** | NOB |
| **Position Number:** | 216286 |
| **Location:** | Asmara, Eritrea |
| **Full/Part time:** | Full-Time |
| **Position Type** | Fixed Term |
| **Rotational/Non Rotational:** | Non-Rotational |
| **Duration:** | One Year |

**The Position:**
The Family Planning and Reproductive Health Commodity Security (FP and RHCS) Programme Analyst ensures the effective management of UNFPA supported initiatives for improving Reproductive Health Commodity Security in Eritrea, comprising family planning commodities and maternal health life-saving medicines. S/he also oversees procurement planning, forecasting and budgeting, procurement ordering, inventory tracking and monitoring, reporting, logistics management information systems, policy and advocacy. The staff member provides technical and programmatic support for planning, implementation, monitoring and evaluation of UNFPA's support to the national programmes for reducing unmet need for family planning. S/he supports the country office in contributing to accelerating progress on the ICPD agenda and SDGs by supporting the priorities of the Government of the State of Eritrea and UN Sustainable Development Cooperation Framework. S/he serves as a core team member of the UNFPA Eritrea Sexual Reproductive Health and Reproductive Rights (SRH&RR) unit.

**How you can make a difference:**
UNFPA is the lead UN agency for delivering a world where every pregnancy is wanted, every childbirth is safe and every young person's potential is fulfilled. UNFPA's new strategic plan (2026-2029), focuses on accelerating the achievement of the four outcomes: (a) Accelerating progress on meeting the unmet need for family planning; (b) Accelerating progress on ending preventable maternal deaths; (c) Accelerating progress on ending gender-based violence and harmful practices; and (d) Adapting to demographic change through evidence and rights-based policies.

In a world where fundamental human rights are at risk, we need principled and ethical staff, who embody these international norms and standards, and who will defend them courageously and with full conviction.

UNFPA is seeking candidates that transform, inspire and deliver high impact and sustained results; we need staff who are transparent, exceptional in how they manage the resources entrusted to them and who commit to deliver excellence in programme results.

**Job Purpose:**

The Programme Analyst, FP and RHCS works closely with the members of the UNFPA Eritrea Sexual and Reproductive Health and Reproductive Rights (SRH&RR) unit, other units of UNFPA Eritrea, UNFPA regional office and Head Quarter Colleagues, sister UN agencies working on health as well as with UN Country Team (UNCT) to enhance FP and RHCS initiatives.

S/he analyses and assesses relevant political, social, economic and programmatic trends and provides substantive inputs to UNFPA Country Office (CO) on integrated SRH&RR programming for accelerating progress on meeting the unmet need for family planning.

S/he provides substantive inputs for the formulation, management, monitoring and evaluation of UNFPA supported RHCS initiatives; contributes to CO's efforts in advocacy, policy advice and dialogue, and resource mobilization in support of RHCS and family planning; provides technical support and contributes to building the capacity of partners for planning, financing and implementation of UNFPA supported family planning initiatives including health/Reproductive Health supply chain management system.

S/he facilitates the delivery of UNFPA's programmes by monitoring results against set targets. S/he facilitates and quality assures the work of consultants, advisors, experts; establishes and maintains collaborative relationships with counterparts in government, multi-lateral and bilateral donor agencies and civil society to address emerging issues. S/he effectively influences counterparts from diverse backgrounds to jointly contribute to achieving UNFPA's mandate. S/he plays a pivotal role in managing resources for RHCS and Family Planning.

**Responsibilities:**
The Programme Analyst, FP and RHCS will be responsible for:

**A. General Programming**

- In collaboration with Government counterparts and other partners contribute substantively to the formulation and design of the country programme and its Annual Work Plans (AWPs), with particular focus on RHCS and Family Planning, in line with Government priorities and according to UNFPA programme policies and procedures. Ensure quality of programme/project design incorporating lessons learned, newly developed policies and best practices and establishing appropriate execution and monitoring mechanisms and systems.
- Contribute to analysis and research of the political, social and economic situation in the country and preparation of substantive inputs to United Nations programming processes (Common Country Assessment [CCA], United Nations Sustainable Development Cooperation Framework [UNSDCF], Country Programme Development [CPD] focusing on RHCS and Family Planning, including management supply chain systems.
- Analyze and report on assigned programme and project progress in terms of achieving results, using existing monitoring and evaluation tools and introducing new mechanisms and systems; identify constraints and resource deficiencies and recommend corrective action. Monitor assigned projects' expenditures and disbursements to ensure delivery is in line with approved project budgets and to realize targeted delivery levels.
- Expedite and coordinate project implementation establishing and strengthening purposeful collaborations with executing agencies, experts, government counterparts, civil society organizations, and other UN agencies facilitating timely and efficient delivery of project inputs and addressing training needs of project personnel with focus on RHCS and Family Planning.
- Help generate and document knowledge about current and emerging trends and issues in RHCS and Family Planning, by analyzing programmes, projects, strategies, approaches and ongoing experience for lessons learned, best practices, and shares with management for use in knowledge sharing and planning.

**B. Overall Technical Expertise/Management**

- Analyze and interpret the political, social and economic environment relevant to RHCS and Family Planning and identify opportunities for UNFPA assistance and intervention. Keep abreast with new policy developments and strategies by analyzing policy papers, strategy documents, national plans and development frameworks and prepare briefs and inputs for policy dialogue, technical assistance coordination and development frameworks.
- Represent UNFPA in relevant national and sub-national and articulate UNFPA mandate on RHCS and Family Planning.
- Ensure increased availability and use of existing data on RHCS and Family Planning, with special attention to sub-analysis of data from census, demographic and health surveys, and other surveys and statistics.
- Manage condom programming for triple protection (monitors the status of condom availability and utilization, etc.) in consultation with other national and international stakeholders, with a view to having a viable, sustainable, updated and responsive condom supply for prevention of HIV/AIDS, other STIs, and unintended pregnancies, as part of Reproductive

Continued on page 8

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

*Continued from page 7*

- Health Commodity Security systems in the country
- Contribute to strengthening of advocacy for RHCS in general and family planning in particular.
- Advise the SRH&RR team in order to ensure that the specific needs of RHCS are fully addressed.

**C. Supply Planning, Forecasting and Stock Monitoring**

- Support the MOH and the partners to enhance national capacity for quantification of RH commodities.
- Assist in the development of quantification guidelines.
- Support the Ministry of Health (MOH), and relevant stakeholders to conduct multi-year forecasting exercises, supply plans for RH/FP commodities, in line with national quantification guidelines and UNFPA policies.
- Assist the designated national committee to review the supply plans on a regular basis and submit reports to the relevant office.
- Monitor national and sub-national stock levels to identify risks of stock-outs, overstocking, and expiries, and recommend timely corrective actions.
- Track commodity flows from receipt through storage, distribution, and use, including follow-up on delayed shipments and distribution bottlenecks.

**D. Advocacy, Communication and Resource Mobilization and Funds Management**

- Assist advocacy and resource mobilization efforts of Country Office by preparing relevant documentation (i.e. project summaries, conference papers, speeches, donor profiles, and participating in donor meetings and public information events).
- Develop factsheets, briefing materials, info graphics, and presentations for public information, advocacy and resource mobilization purposes.
- Prepare relevant proposals with RHCS and Family Planning components and share information about UNFPA tools for co-financing and funding.
- Build strong technical and programme multi-sectoral partnerships to enhance advocacy for RHCS and Family Planning within the broader SRHR agenda, through national institutions, networks, alliances and coalitions. Monitor and keep updates on existing and potential partnerships. Follow through and ensure that recommendations and action points agreed to are addressed.
- Contribute to development of appropriate RHCS and FP communication strategies and corresponding materials.
- Prepare and manage relevant budgets; Monitor expenditures to ensure delivery is in line with approved budgets and to realize targeted delivery levels and deliver timely and accurate reporting of financial information.
- Manage assets that have been procured by the UNFPA and supplied to the implementing partners; ensuring that they are put to proper use.
- Represent UNFPA at key events where required, with regard to UNFPA's mandate.

**E. General Support**

- Stand-in for other programme team members on selected functions as may be required.
- Carry out any other duties as may be required by UNFPA leadership.

**Qualifications and Experience:**

- Bachelor's degree in health, population, gender, development, supply chain and logistics, demography, law, or a related social science discipline, accompanied by a minimum of 4 years of professional expertise in development and population sectors; alternatively, a Master's degree with at least two years of relevant professional experience.
- Work experience in the field of Sexual and Reproductive Health and Rights is preferred.
- Experience in Supply Chain Management.
- Specialized knowledge and experience in RHCS and Family Planning is desired.
- Experience in programme/ project management including experience in large multi-sector programmes.
- Field experience is an asset.
- Prior experience in the UN system is an asset.
- A thorough understanding of the UN system in general, and especially UNFPA mandate, its policies and operations and current development topics and political issues in Eritrea will be an added advantage.
- Demonstrated ability to work in a team.

**Languages:**
Fluency in oral and written English.

**Required Competencies:**

**Values:**
- Exemplifying integrity,
- Demonstrating commitment to UNFPA and the UN system,
- Embracing cultural diversity,
- Embracing change

**Core Competencies:**
- Achieving results,
- Being accountable,
- Developing and applying professional expertise/business acumen,
- Thinking analytically and strategically,
- Working in teams/managing ourselves, our relationships, and others
- Communicating for impact

**Functional Skill Set:**
- Advocacy/Advancing a policy-oriented agenda.
- Leveraging the resources of national governments and partners/ building strategic alliances and partnerships
- Internal and external communication and advocacy for results mobilization
- Delivering results-based programmes
- Technical Understanding of the areas of work
- Project Management
- Managing financial processes
- Proficiency in current office software applications

**Compensation and Benefits:**
This position offers an attractive remuneration package including a competitive net salary plus and other benefits as applicable.

**DISCLAIMER:**
UNFPA does not charge any application, processing, training, interviewing, testing or other fee in connection with the application or recruitment process. Fraudulent notices, letters or offers may be submitted to the UNFPA fraud hotline http://www.unfpa.org/help/hotline.cfm

**How to Apply:**
UNFPA utilizes an electronic application management system. All prospective candidates are required to submit their applications through the following link: https://estm.fa.em2.oraclecloud.com/hcmUI/CandidateExperience/en/job/33991.

It is highly recommended that candidate profiles are meticulously updated to reflect accurate employment history, academic credentials, and linguistic proficiencies. Applicants must include a formal cover letter, an updated Curriculum Vitae, and copies of academic qualifications, ensuring that contact telephone numbers are provided.

Candidates lacking reliable internet access may personally visit the UNFPA office at 5 Hiday Street (adjacent to EXPO), Asmara, Eritrea, to facilitate the submission of their online application.

**Note: All applications must be received within ten (10) business days from the date of the vacancy announcement.**
Important Notice: UNFPA does not levy any fees at any stage of the recruitment process. Furthermore, the organization does not solicit medical information regarding HIV or AIDS status and maintains a strict policy of non-discrimination.

**CANDIDATES SHOULD PROVIDE EVIDENCE OF COMPLETION / EXEMPTION FROM NATIONAL SERVICE.**

---

ወ/ሮ ኣስቴር ዞርያስ ገብረማርያም፡ ዝተፈቐደላ ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካለን "ፋኒኤል ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (FANIEL DRIVING School) ተባሂሉ ክሰየመሉ ስለ ዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ናብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

# ካብ ዞባታት

## ንባብ፡ መሰረት መሃዝነትን ምዕባለን

ጕርጊስ ፍቓድ ድረር
ዞባ ዓንሰባ

ዘለናዮ ግዜ፡ ቅንያት ናይ'ቲ፡ 'ጽንዓትና ዋሕስና' ብዝብል መሪሕ ቴማ፡ መበል 35 ጽንብል ናጽነትና እንጽንብለሉ ዘለና'ዩ። ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ሃገር፡ ነዚ ጽንብል ዘድምቑን ኣካል ጽንብል መደባት ናጽነት ኮይኖም ዝዓለዉን ዝውደቡን ብዙሓት ንጥፈታት ይሰላሰሉ ኣለዉ። ኣብ ዞባ ዓንሰባ


መሓመድ ኣሕመድ ኢብራሂም

ድማ፡ "መጽሓፍ መሰረት መሃዝነትን ምዕባለን፡ ቅነ ምርኢት መጻሕፍትን ምህዞን ዞባ ዓንሰባ" ዝብል ቴማ ብምልዓል፡ መንእሰያት ኣብ ንባብ ሓዩሎም ኣብ ህንጸትን ልምዓትን ሃገር ተራኦም ንኽጻወቱ ዝሕግዝ መደብ ካብ 30 ሚያዝያ ክሳብ 10 ግንቦት ኣሰላሲሉ ኣሎ።

ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ንቕሓት፡ ሓበሬታን ትምህርትን ንምኽዕባት፡ ንባብ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ንጥፈትን ድርዕን እዩ። ብዘይ ንባብ ዝስገርን ዝድየብን ድልድል ትምህርትን ገስጋስ ምዕባለን የለን። ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ምስ ኩለን መሻርኽቱ ኣሃዱታት መንግስትን ግንባርን፡ ሃገራውያን ማሕበራትን ህዝብን ብምትሕብባር፡ ብሃገራዊ ስነ-ምግባር ዝተሃንጸ፡ ብሱል፡ ወራሲ ሕድሪ ሓላፍነት ሃገርን ሕብረተሰብን ክስከም ዝኽእል፡ ንጹር ራእይ ዘለዎ ኣፍራይን ብሉጽን መንእሰይ ኣብ ምህናጽ ገደብ ኣልቦ ሕብረ-ብዙሓዊ ንጥፈታት ኣብ ምክያድ ይርከብ።

ገለ ካብቲ ማሕበር ብዕቱብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ውጽኢቱ ኣብ ባይታ ዝርአ ንጥፈታት፡ ምስሳን ሞያዊ ክለባት እዩ። በዚ ማሕበር እዚን ክለባቱን ተኹስኪሶም ዝተመልመሉ፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ብንጥፈት ዝዓዩ ዘለዉ መንእሰያት ውሑዳት ኣይኮኑን።

ሃ/ማ/መ/ተ/ኤ ዞባ ዓንሰባ ንመትከላት፡ ራእይን ዕላማታትን ማሕበር ንምትግባር ተጠቃሰን ጉሉሕን ንጥፈታት ኣብ ምክያድ ይርከብ። ብደረጃ ዞባ ኣብ 5 ንኡሳን ዞባታት ኣካይድዎ ዘሎ ሻዱሻይን ስሩዕን መደባት ቅነ ንባብ፡ ምርኢትን መሸጣን መጻሕፍቲ ድማ፡ ኣካል ናቱ'ዩ። ከም መዛዘሚ ናይ'ቲ ካብ 8 ግንቦት ክሳብ 10 ግንቦት ኣብ ከተማ ከረን ዝካየዶ ምርኢትን መሸጣን መጻሕፍቲ ድማ፡ ንውድድር ምህዞን ሰንዓን ፍርያቶም ዘቕረቡ መንእሰያት፡ ኣብ ኣዳራሽ ማእከል መንእሰያት ግራንድ ሆቴል ምርኢት ኣቕሪቡ። እዚ ብብኩርናዑ ተመቓሪሑ ንምርኢት ክፉት ኮይኑ ዝቐየ ድርብ መደባት፡ ብዓይነቱ ዝተፈልየ፣ ንምንቕቓሕን ተበግሶን መንእሰያት ድርኺት ዝፈጥር ክስተት ነይሩ። ብብዓመቱ ዝካየድ ናይ ተሳታፍነት ብዝሕን ዓይነትን፡ ኣብ ህጻናት፡ መንእሰያትን ወለድን እናሰሰነ ይኸይድ ምህላዉ'ውን፡ ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ተገምጊሙ'ዩ።

እቲ ብርእሰ ከተማ ዞባ ዓንሰባ ብንኡስ ዞባ ከረን ዝጀመረ መደብ፡ ኣብ ካልእ ንኡሳን ዞባታት ብምስፍሕፋሕ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መስመር ጸሊም ጽርግያ ዝርከባ ዓድተከለዛን፡ ዒላበርዕድን ሓጋዘን ጸንቢሩ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ። ሎሚ ዘበን ከኣ ን/ዞባ ሓመልማሎ ብምብጻሕ፡ እቲ ብዘሒ ኣብ 5 ን/ዞባታት ክብ ኢሉ፡ ጽልዋኡ እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ። ብተመሳሳሊ ኣገባብ ከኣ ኣብተን ዝተረፋ ንኡስ ዞባታት ክቕጽል ትጽቢት ይግበረሉ። ናይ ሎሚ ዘበን ምርኢት መጻሕፍቲ ብደረጃ ዞባ ብድምር ልዕሊ 20 ሽሕ ሰባት ከም ዝተዓዘብዎ 3702 መጻሕፍቲ ከኣ ከም ዝተሸጠ ናይቲ መደብ ኣወሃሃዲ መንእሰይ ተስፋብርሃን ዓንደብርሃን ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ጸብጻብ ሓቢሩ።

ማሕበር መንእሰያት ብፍላይ ነዚ ናይ ቅነ ንባብን ምርኢት መጻሕፍትን መደብ፡ ከም ቀንዲ መሻርኽቱ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምትሕብባር ዝካይዶ ኮይኑ፡ ብዘይካ እቶም ብፍኑው መንገዲ ምስ ወለዶም ዝመጽኡ፡ ብብኣብያተ ትምህርቶምን ክለባቶምን ተጠርኒፎም ዝመጽኡ ተመሃሮ ተራኦም ሓልዮም ከምዝርእዩ ይግበር። ብተወሳኺ ካልኦት ብውልቂ ነቲ ምርኢት ክዕዘቡ፡ መጻሕፍቲ ክርእዩን ክገዝኡን ዝመጽኡ ወለዲ ተመሃሮ፡ ግዱሳት ኣንበብቲ፡ መንእሰያትን ሰራሕተኛታትን ንኩሉ ጾታን ዕድመን ወካሊ ዝኾነ ተሳታፍነት'ውን ይንጸባረቕ።

እቲ ኣብ ምርኢት መጻሕፍቲ ዝግበር ጕስጓሳዊ ምድላውን ንጥፈታቱን ኣቓዲሙ ብመራኸቢ ብዙሃን'ውን ስለዝሕብር፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ እናዓበየ መጺኡ እቲ ተሳታፍነት'ውን ብዓይነትን ብዝሕን እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ናይ ሎም ዘበን ካብ ዝተራእየ ፍሉይነት፡ ወለዲ ንተመሃሮ ደቆም ኣሰንዮም ይመጽኡ ብምንባሮም፡ ተመሃሮ ዘድልዮም መጻሕፍቲ ክዕድጉ ተራእዮም። ኣብዚ መደብ ምርኢትን መሸጣን መጻሕፍትን ቀጻሊ ዓመታዊ ካብ ኣስመራ እናመጹ መሻርኽትን ተሳተፍትን ዝኾኑ፡ ምሕረተኣብ የውሃንስ ቤት መሸጣ መጻሕፍቲ ሰቲት ስቴሽነሪ፡ ኣቶ መሓመድ ኣሕመድ ኢብራሂም ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዘለዎ (ቋንቋ፡ ታሪኽ፡ ልብወለድ፡ ሃይማኖታዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ኣካዳሚ...)፡ ነዊሕ ዕድመ ዘቑጸረ፡ ዘገልገለን ሓዲሽን ኣዝዩ ኣገዳሲ ሰነዳትን ሓበሬታታትን ዘስንቑ ዓበይትን ንኣሽቱን መጻሕፍቲ፡ ስእልታትን ካርታታትን ብኣዝዩ ርትዓዊ ስማዊ ዋጋታት ስለ ዝሸይጥ፡ ብዙሕ ዓማዊልን ተዓዘብትን ዘለዎ እዩ። ብተመሳሳሊ ኢንጂነር ሃብቶም ኢዮብ ዓመታዊ ንኩሎም ብኣካል ክመጽኡ ዘይክእሉ ደረስትን መጻሕፍቶም ንመሸጣ ከቕርቡ ዝደልዩ ደረስትን ወኪሉ ብምምጻእ ሰፊሕ ናቱ ኩርናዕ ዝሓዘ ምርኢት የዳሉ።

እቲ ዝዓለ መጻሕፍቲ፡ ንኣካዳሚ ዝምልከት ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ 12 ክፍሊ፣ ከምኡ'ውን ንኻልኦት ኣብ ግምት ዘእተወ'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ንካልኦት ግዱሳት ኣንበብቲ ከከም ዝንባለኦምን ምርጫኦምን ንመለሳ ንባብን ምድላብ ፍልጠትን ዘገልግል ሃብታም ትሕዝቶ ዘለዎ'ዩ። ምስኡ'ውን፡ ዓይነትን ብዝሕን ዘለዎም፡ ናይ ቀደምን እዋናውን ሓደስትን መጻሕፍቲ ዘጠቓለለ ብምዃኑ፡ ብልጫ ኣለዎ። ካብቶም ኣቕረብቲ ምርኢት መጻሕፍቲ ኣቶ መሓመድ ኣሕመድ ኢብራሂም (ሱባኩም)፡ በቲ ዘለዎ ጥንታዊ ሰነዳትን ጽሑፋትን ናይ ምእካብ ዝንባለኡ ካብ ቅድሚ 30 ዓመታት ጀሚሩ፡ ዘዋህለሎ ልዕሊ 30 ሽሕ መጻሕፍትን ሰነዳትን፡ ንምርኢትን መሸጣን ዘቕርብ እዩ። እቲ መደብ ብብዓመቱ ጽልዋኡ እናሰፍሐ ይኸይድ ከምዘሎ ብምጥቃስ ከኣ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ብፍላይ ከኣ ኣብ ከተማ ከረን ልዑል ተገዳስነትን ጠለብን ይረኽብ ምህላዉ ይገልጽ።

ኣብ ቅነ ንባብን መጻሕፍትን ዞባ ዓንሰባ፡ ዓመታዊ ኣብ መኽፈቲ ይኹን ኣብ ማእከልን መዛዘምን ኩሉ ተዓዚቢ ብሃንቀውታ ዝጽበዮ ብዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ዝማዕረገ ናይ ኣስተምህሮ መደባት ይካየድ'ዩ። በዚ መሰረት ብዕለት 9 ግንቦት ንምህዞን ሰንዓን ዝምልከት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ። ከም ልሙድን ሩቲናውን መደብ ዓመታዊ ዝካየድ መመረቕታ ሓዲሽ መጽሓፍ'ውን ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ሓላፊ ሃ/ማ/መ/ተ/ኤ ዞባ ዓንሰባ ስነ-ጥበባውን ደራስን መንእሰይ ኣዛዚ በረኸተኣብ "ሳራን ሓናንን" ብዝብል ኣርእስቲ ቀዳማይን ካልኣይን ክፋላት ዝሓዘ፡ ክልተ መጻሕፍቲ ብሓንሳብ ኣመረቐ። ሎምዘበን ከኣ ደራሲ ግርማጽዮን ኪዳነ ኣብቲ ኣብ ኣዳራሽ ሆቴል ኮስቲና ዝተገብረ ድሙቕ ጽንብል፡ መጽሓፍ ስየ 333 2ይ ክፋል ኣመረቐ። ሳላ'ዚ ንደረስትን ድርሰትን ዝግበር ዕውትን ሃናጽን ናይ ምትብባዕ መደብ ከኣ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ብብእዋኑ ብሉጻትን ኣብነታውያንን ደረስቲ እናፈረዩ ይመጽኡ ኣለዉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሃ/ማ/መ/ተ/ኤ ዞባ ዓንሰባ፡ ብኢጋጣሚ ቅነ ንባብ ኣብ ዝገበሮ ስሩዕ ምድላዋት፡ ብውሑዱ ሓደ ደራሲ ወይ ስነ ጥበባዊ ዓዲሙ ብባህላውን ስነ ጥበባውን መደባት ኣብ ዝደመቐ መድረኽ፡ ተመኩሮኡን ካልእ ኣገዳሲ እዋናዊ መልእኽትን ከም ዘመሓላልፍ ይገብር እዩ። በዚ መሰረት ኣብ ውሽጢ እዞን ዝሓለፋ ተኸታተልቲ ሽድሽተ ዓመታት ኣብ ዝዓለዎ መድረኻት፡ ብደረጃ ሃገርና ህቡባት ደረስቲ ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ነፍ/ሄር ተስፋዬ ገብረኣብ፡ ስነ ጥበባዊ ገጣሚን ጋዜጠኛን ሳሙኤል ገብረኣዶናይ፡ ሰለሞን ድራር፡ ሰለሞን ጸሃየን ሰለሞን በርሀን፡ ኣብ መድረኽ ምቕራቦ ይዝከር።

ምስሳን ባህሊ ንባብ ብሓፈሻኡ ብደረጃ ሃገር ብፍላይ ከኣ ብሚኒስትሪ ትምህርትን ሃ/ማ/መ/ተ/ኤን ልዑል ኣቓልቦ ተዋሂቡዎ ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብ እዩ። ብደረጃ ሃገር ከኣ ነዚ መደብ'ዚ ብዕቱብን ብተኸታታሊን ሐዚ ዘካጥፈሉ ዘሎ ሃ/ማ/መ/ተ/ኤ ዞባ ዓንሰባ ክምጉሰን ብኻልኦት ክስዓብን ዘለዎ ዕዉት ስራሕ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብዘይ ንባብ ትምህርቲ የለን - ብዘይ ትምህርቲ ከኣ ንቕሓት፡ ዕብየት፡ ህንጻ፡ ገስጋስ ምዕባለን ልምዓትን የለን። ዘንብብ ይዕንብብ!




ምርኢት መጻሕፍቲ ኣብ ኣደራሽ መንእሰያት

# ንቕሓ ደበና

ሄለን መ'ኸታ

## ሃገራዊ መንነት

### መዐቀኒ ሃገራዊ መንነት እንታይ እዩ፧

ብዛዕባ ሃገር ከይተዛረብና ብዛዕባ ሃገራዊ መንነት ክንዛረብ ኣጸጋሚ ይመስለኒ። ሃገር፡ ኣብ ነዊሕ መስርሕ ዝማዕበለ ኣተሓሳስባ ኮይኑ፡ ካብ ቀረባ ዘመን ጀሚሮም ዜጋታት ዕለታዊ መነባብሮኦም በዚ ውዳበ'ዚ ዝተጸልወን ዝተወሰነን ኮይኑ ይርከብ። ቅድሚ ገለ ዘመናት፡ ዝበዝሑ ሕብረተሰብ ዓለምና፡ እንትርፎ ነቲ ዝገዝኦም ንጉስ፡ ኣበየናይ ሃገር ይነብሩ ይፈልጡ ኣይነበሩን። ሃገርን ሃገራዊ ስርዓትን፡ ኣብ ዘመናዊ ፖለቲካ መሰረታዊ ረቛሒ እዩ። እዚ ምዕባለ'ዚ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ኣመጻጽኣ ኣለዎ። ታሪኽ ደቂ ሰባት ዝተፈላለዩ ውዳበታት ዘካተተ እዩ፣ ካብ እንዳታት፡ ቀቢላታት ክሳብ እምብራጦርያታት።

ሃገር ዝብል ኣመር፡ ምስ ምቕልቃ ርእሰ ማልነት፡ ኣብ 17 ዘመን ዝመጸ እዩ። ሃገራት ብርእሰ ማልነት ኣቢለን ሓደ ናይ ሓባር ዕዳጋ እናፈጠራ ብምኻድ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዝደልደለን ቀዋምን ምትእስሳር ክፈጥራ ጀመራ። ህዝቢ ዘፈላልዩ ረቛሒታት እናጎደለ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ፡ ዝምድናታት ክዓቢን ዘቀራርብን ተመሳሳሊን ባህልን ክብርን ኣብ መንጎ ህዝቢ ክህነጽ ቦታ ተረኺበ። እቲ ብሄራት፡ እንዳታት፡ ቀቢላታት ፋሕ ኢሉ ዝነበረ ውዳበታት ከኣ ናብ ሃገራት ማዕበለ። ሃገር ካብ ኣብ ትሕቲኡ ዝርከብ ውዳበታት ዝፈልዩ ቀንዲ ረቛሒ፡ ሃገር ካብ ዘሎዎ ጽኑዕ ቁጠባዊ ዝምድና ዝተላዕለ ቐዋሚ ምኳኑ እዩ። ስለዚ፡ ንመጀመርያ ግዜ ሓደ ናይ ሓባር ፍሉጥ መሬት ንጹር ዶባት፡ ቋንቋ፡ ናይ ሓባር ባህሊ፡ ናይ ሓባር ስነ ኣእምሮኣዊ ኣቃውማ ዘለወን፡ ብሓባር ናይ ሓባር ቁጠባዊ ህይወት ዝተኣሳሰርን ብታሪኽ ዝተመስረተ ማሕበራዊ ኮም ኣብ ዓለም ከም ተርእዮ ተፈሊጠ።

ሃገር ምኳን፡ ኪንዮ መሬትን ህዝብን ምኳኑ ሳላ ጎረባብትና፡ ግርም ምህሮ ቀሲምናሉ ኢና። ጀነራል ስብሓት ኤፍረም፡ ኣብ ኣዳራሽ ዞባ ማእከል፡ ንመእንሰያት ኣብ ዝሃቦ ሰሚናር፡ "ሃገር ደረጃ ንቕሓት እዩ፣ ድሌት ኣይኮነን፡ " ኢሉ ነይሩ። ብዛዕባ ኣውራጃ፡ ቀቢላ፡ እንዳ ዝሓስብን ዝዛረብን ህዝቢ እንተ'ሎ፡ ደረጃ ንቕሓቱ ዝገልጽ ምኳኑ፡ ብምውሳኽ የረድእ። "ሃገር" ዝብል ደረጃ ንቕሓት ክብጻሕ ግን ዋጋ ክኽፈል ከም ዘሎዎ ኣዘኻኺሩ። ከም ሃገር ቁይመን ድልዱል ሃገራዊ መንነት ክሃንጻ ዘይከኣላ ሃገራት፡ እቲ ሃገር ኩብለን ዝኽእል ደጋዊ ረቋሒታት (ናይ ሓባር ፍሉጥ መሬት ንጹር ዶባት፡ ቋንቋ፡ ወዘተ) ዋላ ይሃልወን፡ ህዝበን ግን ብሰላም ጸጥታትን ክነብሩለን ዘይክእሉ፡ ማዕርነትን ፍትሕን ዝጎደለን ጸጋታተን ከመሓድራ ዘይክእላን ሃገራት ንምኳን'የን ዘቃልዐን። ሃገራዊ መንነት፡ ሓድነት ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ዘውሕስ ሓሳባዊ፡ መንፈሳውን ስሚዒታውን ጥምረት እዩ። ማሕበረ ስነ ኣእምሮኣዊ ድልዳለ ህዝቢ፡ መሰረት ወይ መዕቀኒ ሃገራዊ መንነት ክንወስዶ ንኽእል። ሕድሕዳዊ ምጽውዋር፡ ሓድነት፡ ማዕርነት፡ ፍትሒ፡ ሓባራዊ ክብርታትን ሞራልን ዘሎዎ ህዝቢ ድልዱል ሃገራዊ መንነት ክሃንጽ ከም ዝበቕዐ ክንወስዶ ንኽእል። ሃገራዊ መንነት ክንትሃንጾ ሓያል መስርሕ እዩ ዝሓትት፣ ልዕሊኡ ግን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ከተሰጋግሮ ይሕይል። ቀጻልነትን ምዕባለን ሃገራዊ መንነት ንምውሓስ ዝሕግዝ ተመኩሮ ብርክት ዝበላ ሃገራት ክንውከስ ንኽእል ኢና። ኣብ ዝርዝራት ከይኣተና፡ ሃገራዊ መንነት ክህነጸሉ ዝኽእል ስርዓት፡ ትካላትን ዓበይቲ መደባትን ዝሃነጻ ወይ ዘተኣታተዋ ሃገራት ግን ዝያዳ ሰጒመን ከም ዘለዋ ክንርዳእዩ ንኽእል። ስድራቤት፡ ስርዓተ ትምህርቲ፡ ስነ ጥበበን መራኸቢ ብዙሃንን እምነ ኩርናዕ ሃገራዊ መንነት እዮም። ሃገራዊ ጽንብላት፡ ፈስቲቫላት፡ ማእቶታዊ ስራሓትን ካልእ ኣብ ሕብረተሰብ ኣበርክቶ ክንገረሉ እንኽእል መደባትን ብብዝሒ ምስ ዝህሉ ከኣ እቲ መስርሕ ህንጻ መንነት ክሓንን ጸዓት ክውሰኸሉ ይኽእል።



## ሃገራዊ መንነት ብኸመይ ክሰጋገር ይኽእል፧

ስርዓት ደርግ ንሃጸይ ሃይለስላሴ ስዒሩ ናብ ስልጣን ምስ ደየበ፡ ንኽትጸውዮ ዘስካሕክሕ ግፍዒ'ዩ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ኣውሪዱ። መንእሰያት ብፍርሕን ራዕድን ናብ ብረታዊ ቃልሲ ከይጽንበሩ ብፍሉይ ክሃድኖምን ክህልቆምን እዩ ተራእዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝነበሩ፡ ነቲ ኩነታት ክገልጽዎ እንከለዉ፡ "መንእሰያት ኣብ ፈቖዶ ጎደናታት ተቐቲሎም፡ ብሰንኪ ፍርሕን ራዕድን ከይተላዕሉ መጻወቲ ኣሞራ ኮይኖም እዮም ዝቕንዩ ነይሮም" ይብሉ። የግዳ እቲ ስርዓት ደርግ ዝወሰዶ ስጉምቲ ኣንጻር ጥቕሙ ኮይኑ፡ ዝበዝሑ መንእሰያት ናብ ሜዳ ክውሕዙ'ዮም ተራእዮም።

ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዝተወለዐ ወራር ወያነ፡ ተጣይሶም ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝነበሩ ዋርሳይ፡ መምህራን ካልእ ሰራሕተኛታትን፡ ተመሃሮ ከይተረፉ'ዮም ናጽነትን ልኡላውነትን ሃገር ንምውሓስ ኣንጻር ወራር ተዓጢቖም። ብ2020 ዘንጸላለወ ሓደጋ ዝመከተ ውላድ ዋርሳይ (31 ዙር) እውን ናይ ዝሓለፉ ኣያታቱን እኖታቱን ቅያ ክደግም እዩ ተረኢዩ።

እዚ ሰለስተ ወለዶታት ኤርትራ፡ ኣብ መንጎኡ ናይ ርብዒ ዘመን ፍልልይ ኣለዎ። ይኹን እምበር ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ፡ ካብ ነንሕድሕዱ ዘይሰናንፍ ቅሩብነት፡ ተወፋይነትን ጅግንነት'ዩ ኣርእዩ። ብፍላይ ኣብ ሳላሳታት ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተራእየ ትብዓትን ቁራጽነትን ካብይ መጺኡ ዘይተገረም የለን። ኣብ ግዜ መግዛእትን ኩናትን ዝተወልደ ወለዶ፡ ባህሪኡ በቲ ኩነታት ክጽሎ ንቡር እዩ። ድሕሪ ናጽነት ዝተወልደን ብመጠኑ ኣብ ዝተረጋገአ ኩነታት ዝዓበየን መንእሰይ ግን ክንድኡ ዝኣክል ሓይሊ ካበይ ኣምጺኡዎ?

ሃገራት ዝሃነጻኦ ድልዱል ሃገራዊ መንነት፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንኽሰጋግርኦ ብርክት ዝበለ ተበግሶታት ይወስዳ'የን። ኤርትራ'ውን ብተመሳሳሊ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ሃገራዊ መንነት ኣብ ምድልዳልን ምስግጋርን ብዙሕ ሓያል ዝኾነ መደባት ኣሰላሲላ እያ። እቲ መወዳድርቲ ዘይብሉ ስጉምቲ ግን መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ። እቲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዙ፡ ብፍላይ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ፡ ዘዋህለሎ ክብርታት፡ ባህሊ፡ ጽንዓት፡ ጅግንነትን ተወፋይነትን ናብ መጻኢ ወለዶ ንምስግጋር፡ መንእሰይ፡ ናጽነት ተረኪቡ ሰላም ጸጥታት ሃገሩ ከውሕስን ክሃንጽን፡ ዝምልመሉ ባይታ ዘንጽፍ ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብ1994 ተኣዊጁ። እዚ ዋሕስ ሃገር ዝኾነ መደብ ከኣ ኣብ ሳዋ ክካየድ'ዩ ተወሲኑ።

ሳዋ፡ ካብ ኩትትና ናብ ብሱል መንእሰይ እተሰጋግር መድረኽ እያ። ምናልባት ቅድሚ ናብ ሳዋ ምኻድና፡ እዚ መድረኽ እንታይ ይጥዕም ኣይርደኣናን ይኸውን። ኣብ ሳዋ ኣብ እንጸንሓሉ ዓመት፡ በብቑሩብ ንልወጥን ንዓብን ስለ ዝኾንና፡ ክሳብ ክንደይ ዕቤት ኣርኢና ኣይነስተብህለሉን ኢና። ልክዕ ናብ ገዛና ክንምለስ ከለና ግን 'ዓሚ ከምዚ እዋን ከመይ ነይረ? ሕጂኸ ከመይ ኣለኹ?' ኢልና ክነመዛዝን ስለ እንፍትን፡ ዕቤትና ይፍለጠና። ወለዲና ክሳብ ዝጋግዩና ከነገርሞም ኢና። ቁልዑን ተመሃሮን፡ ኣብ ትምህርትን ስነ-ምግባርን ክግደሱ ክንመክር ንጅምር። ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎና ተራን ሓላፍነትን ይረደኣና፣ ብዝወሃበና ክብሪ ከኣ ኣዚና ንኹርዕ። ኣብ ቅድሚ ዓይንና፡ ናይ ሕብረተሰብናን ኣከባቢናን ዝኾነ ሕማቕ ክንርኢ ኣይንደልን። ኮታስ ዓዊርና ዝነበርና እሞ ኣብ ሳዋ ዓይኒ ከም ዘንቋሕና፡ ኩሉ ክረኣየናን ክስምዓናን ይጅምር። ኣብ ሳዋ ዝተወለዐት ሽግ፡ ንህይወትና ሓሊፋ፡ ንኸባቢና ከተብርህ ትረአ። ለውጥናን ዕቤትናን ዘሐበኖም ወለድን ገዛውትን ከኣ ንኢዶም ኣይጸግቡን። ወለዲና ከኣ ርሑሳት ምኳኖም እናገለጹ፡ መወከሲ ኩሉ ጽቡቕ ክገብሩና ይቕንዩ።

ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት፡ 'መንእሰይ ዓንዲ ሕቖ ሃገር ወይ ሕብረተሰብ እዩ' ክበሃል ሰሚዕና ንኸውን ኢና። መንእሰይ ዓንዲ ሕቖ ጥራይ ዘይኮነ፡ መላግቦ ወለዶታት'ውን እዩ። ኣብ ዕድመ ንእስነት ዝርከብ ሰብ፡ ናይ ነብሱ፡ ናይ ትሕቲኡን ልዕሊኡን ዘለዉ ሓላፍነት ክስከም እዩ ትጽቢት ዝግበረሉ። ኣብ ንጡፍ ኣበርክቶ ብምጽማድ ዝህሉዎ ኣስተዋጽኦ ኣብ ቦታኡ ሃልዩ፡ ብቑዕ ብምኳን፡ ብኣብነት ኣብ ምምራሕ ጽልዋ ክህሉዎ ይኽእል። ተመሃሮ ካብ ሳዋ ምስ ተመልሱ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዝገብሩዎ ዋላ ሓንቲ ኣበርክቶ ዘየለ ከሎ፡ ሳዋ በጺሖም ብብቕዓት ናብ ቤቶም ምምላሶም ጥራይ፡ ሕብረተሰብ ከም መወከስን ኣብነትን ይጥቀመሎም። ብቕዓቶም ኣብ እወታዊ ጽልዋ ምስ ኣውዓሉዎ ከኣ ብዕጽፍታት ክኣምኖምን ከመጉሶምን ይርእ። መንነትና፡ ካልእ ሰብ ኣይሀበናን እዩ፣ ባዕልና ኢና እንፈጥሮ። ብሉጽ ሰብ ንምኳን እንገብሮ ገድሊ፡ ድልዱል መንነት ክህሉወና የኽእል። ሳዋ፡ ኣብ ምህናጽ መንነት ካብ ዘሎዋ ኣበርክቶ እምበኣር፡ ኣብ ነብስና ዘኹርዕ ስራሕ ክንሰርሕ እያ እተኽእለና። ነቲ ኣብ ነብስና ዝሰራሕናዮ ዘኹርዕ ስራሕ፡ ናብ ገዛ ምስ ተመለስና ክንገድፎ ወይ ሸለል ክንብሎ ዘይኮነ፡ ነቶም ካባና ዝንእሱ ኣሕዋትና ከነመሓላልፎ እዩ ዝግባእ።

መምህርና "ሃገራውነት ካብ ነብስ-ፍቕርን ብጻይነትን እዩ ዝጅምር፡ " ይብለና ነይሩ። "መንነትናን፡ ባህልናን ክብሪ ሕብረተሰብናን ዘይንሕሉ፡ ብኣፍና ግን 'ሃገረይ' ምባል ሃገራዊ ኣይገብረካን እዩ፡ " ኢሉ ከኣ ይምልእ ነይሩ። ብርግጽ ሳዋ እንተ ዘይከይድ ክንዲ ዝመደርኩ እንተ መደርኩ ትርጉም 'ሃገራዊ' ምኳን ኣይምተረዳኣንን ነይሩ። ብዓቢኡ ከኣ 'ብጻይነት' ዝብሃል ቃል ካብ ተራ ምሕዝነት ኣይምፈለኹዎን። ብመገዲ ተመኩሮ ሳዋ ኣቢልና ዘዕበናዮ ሃገራዊ መንነት፡ ካብ ብውልቅና ምሕሳብ ኣሰጋጊሩ፡ ናብ ብደረጃ ሃገር ምሕሳብ'ዩ ዘዕበየና። እዚ ማለት ግን፡ ቅድሚ ሳዋ፡ ሃገራዊ መንነትን ፍቕሪ ሃገርን ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ድሕሪ ሳዋ ግን ትርጉም ሃገርና፡ ዋጋ ናጽነትናን ኣገዳስነት ልኣላውነትናን ይርድኣና።

ርሑስ ቅንያት ናጽነት ነቲ ሃገር ዘምጽአ ይከኣሎን ሃገር ዘውሓሰን ዘውሕስ ዘሎን ዋርሳይን!



# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኢራን፡ መራኽብ ቻይና ብመጻብቦ ሆርሙዝ ክሓልፋ ኣፍቂዳ

ኢራን፡ መራኽብ ቻይና ብመጻብቦ ሆርሙዝ ክሓልፋ ከም ዘፍቀደት፡ ኣገልግሎት ዜና 'ፋርስ' ምስቲ ጉዳይ ምትእስሳር ዝለዎም ምንጭታት ብምጥቃስ ሓቢሩ።

እዚ ዝሕብር ዘሎ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ናብ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ወግዓዊ ምብጻሕ ይፍጽም ኣብ ዘለወሉ እዋን እዩ።

እቲ ኣገልግሎት ዜና ወሲኹ፡ እቲ ስጉምቲ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቻይናን ኣምባሳደር ቻይና ኣብ ኢራንን ናብ ጥሀራን ድሕሪ ዘቕረብዎ ምሕጽንታ ዝተወስደ ምዃኑ'ውን ኣመልኪቱ።

ኢራን ብወገና፡ ምስ ስትራተጂያዊ ሸርካ ክልተኣን ሃገራት ብዝተሰማምዐ መንገዲ፡ ሓያሎ ንግዳውያን መራኽብ ቻይና በቲ መጻብቦ ክሓልፋ ከም ዝተሰማምዐት፡ ኣገልግሎት ዜና ፋርስ ወሲኹ ሓቢሩ።

ብ28 ለካቲት፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ልፍንታዊ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምጅማሮ፡ ኢራን ከም ግብረ መልሲ፡ ነቲ ብመጻብቦ ሆርሙዝ ዝቐደድ ምንቅስቓስ ናይ ንግዳውያን መራኽብ ደው ምባላ ይፍለጥ።

ዝሓለፈ ረቡዕ 2 ሚልዮን በርሚል ነዳዲ ዓረቕ ዝጸዓነት ዓባይ ናይ ቻይና መርከብ፡ ብሸነኺ ኩናት ኣመሪካን ኢራንን ንልዕሊ ክልተ ኣዋርሕ ተዓጊታ ድሕሪ ምጽናሕ፡ በቲ መጻብቦ ክትሓልፍ ከም ዝኸኣለት፡ ምንጭታት ይሕብሩ።



## ሩስያ፡ ናብ ሕ/ኤውሮጳ ልዑል መጠን ባህርያዊ ጋዝ ልኢኻ

ፌደረሽን ሩስያ፡ ናብ ሕብረት ኤውሮጳ እትገብሮ ሰደድ ፈሳሲ ባህርያዊ ጋዝ፡ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት 2026፡ ክብረ ወሰን ናብ ዝሓዘ ደረጃ ከም ዝደየበ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ካብ ዝሓለፈ ጥሪ ክሳብ መጋቢት፡ እቲ ሕብረት ካብ ሩስያ ዘእተዎ ጠቕላላ መጠን ባህርያዊ ጋዝ፡ 6.9 ቢልዮን ሜትሮ ኪዩብ በጺሑ።

እዚ መጠን እዚ፡ ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ዝተገበረ ሰደድ ክነጻጸር እንከሎ፡ ብ16 ሚእታዊት ዕቤት ኣርእዩ ኣሎ።

ፈረንሳ፡ ስጳኛን ቤልጂየምን ዝለዓለ መጠን ሸመት ባህርያዊ ጋዝ ካብ ሩስያ ዝፈጸማ ሃገራት ኤውሮጳ ኮይነን ኣለዋ።

እዚ ወሰኽ እዚ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ካብ ጸግዐተኛነት ጸዓት ሩስያ ንምግልጋል ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት፡ ወጽኢታዊ ከም ዘይኮነ ዘርኢ ምዃኑ እዩም ተዓዘብቲ ዝገልጹ።

ዝሓለፈ መጋቢት፡ ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላዲሚር ፑቲን፡ ሃገሩ ነቲ ሕብረት ኣተቕርቦ ባህርያዊ ጋዝ ብቐጻሊ ክተቋርጾ ከም እትኽእል ምእማቱ ዝዝከር እዩ።

ባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ ካብ ሩስያ ንዝግበር ሸመት ባህርያዊ ጋዝ ክሳብ መወዳእታ 2027 ብብደረጃኡ ደው ክብሎ ንዘውጽኦ እማመ፡ ኣብ ዝሓለፈ ጥሪ ምጽዳቑ ኣይርሳዕን።



## ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ምስ ቻይናዊ መዘናኡ ይዘራረብ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ድሕሪ 2017 ናይ መጀመርያ ምዃኑ ዝተገልጸ ምብጻሕ ኣብ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ከም ዘካየደ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ድሕሪ እቲ ኣብ ቤይጂንግ ዝተገበረሉ ምዕሩግ ኣቀባብላ፡ ምስ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂንፒንግ ተራኺቡ ንኽልተኣን ሃገራት ኣብ ዘገድስ ዛዕባታት ከም ዝተዘራረበ ተገሊጹ።



ኣብቲ ዝርርብ፡ ቻይናን ኣመሪካን ብምትሕብባር ዝረብሓን ብኸንዲ ድማ ዝጉድኣን ምዃነን ዘረድአ ፕረዚደንት ሺ፡ ክልተኣን ሃገራት ናብ ዓወት ክበጽሓ ኣብ ኑሓድሕደን ክተሓጋገዛ ሓብረን ክብልጽጋን ከም ዘለወን ኣገንዚቡ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ብወገኑ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ስልጣኑ ምስ ሺ ጂንፒንግ ዝነበሮ ርክብ ዝደነቐ ምንባሩ ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣብ መጻኢ እውን ብለጽ ርክብ ክህልዎም ምዃኑ ገሊጹ።

እቶም መራሕቲ ሃገራት፡ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ከተማ ቤይጂንግ ተራኺቦም ኣብ ክልተኣዊ፡ ዞባውን ኣህጉራዊን ጉዳያት ኣመልኪቶም ንኣስታት ክልተ ሰዓታት ከም ዝተመያየጡ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ብተወሳኺ፡ ሃናጺ፡ ስትራተጂያውን ርጉእን ክልተኣዊ ዝምድና ንምምስራት ኣብ ምርድዳእ በጺሖም ምህላዎም ተፈሊጡ ኣሎ።

ምብጻሕ ፕረዚደንት ትራምፕ ናብ ቻይና፡ ኣብ መንጎ እቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ኢራንን ኣመሪካን ኣብ ተኣፋፊ ኩነታት ኣብ ዝርከበሉን፡ ኣብ ልዕሊ መጻብቦ ሆርሙዝ ዝተወስደ ናይ ምዕጻው ስጉምቲ ገና ኣብ ዝቕጽለሉን ዘሎ እዋን እዩ ዝቐደድ ዘሎ።

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ፡ ሃገሩ ኣብቲ ምስ ኢራን እተካይዶ ዘሎ፡ ቻይና ንጡፍ ተራ ክትጻወት ንምእማን ክትጽዕር ምዃና ገሊጹ።

ዋሽንግተን ኣቕዲማ፡ ምስ ኢራን ምትሕሓዝ ከም ዘለወን ኣብ ልዕሊ ዝገለጸተን ትካላት መጻረዪ ነዳድን ኩባንያታት ሳተላይትን ቻይና እገዳ ምጽዳቓ ዝዝከር እዩ።

ቻይና ነቲ ብኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ትካላታ ዝጸደቐ ማዕቀብ፡ ብመምዘኒታት ኣህጉራዊ ሕጊ ዘይሕጋዊ ክትብል ኮኒናቶ ኣላ።




## ኢራን፡ ንሕቡራት ኢማራት ዓረብ ትወቅስ

ትማሊ ሓሙስ ኣብ ኒው ደልሂ - ህንዲ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሃገራት ቁጠባዊ ውድብ 'ብሪክስ'፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣብቲ ብምትሕብባር ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ዝተፈጸመ ወተሃደራዊ ስርሒታት ኢድ ከም ዝነበራ ከሲሱ።



እቲ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዝቐረበ ክሲ፡ መንግስቲ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ ኣብ ግዜ ኩናት ምስ ኢራን ናብ ሃገሩ ዑደት ከም ዘካየደ ድሕሪ ምንጻጉ፡ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ እዩ ዝሰዓበ ዘሎ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ኣብ ግዜ ኩናት ምስ ኢራን፡ ናብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ምስጢራዊ ምብጻሕ ብምፍጻም፡ ምስ ወራሲ ዓራት ናይታ ሃገር ሼኽ መሓመድ ቢን ዛይድ ኣል ናህያን ተራኺቡ ከም ዝተዘራረበ፡ ቤት ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ዝሓለፈ ረቡዕ ሓቢሩ።

ዓባስ ኣራግቺ ወሲኹ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣብቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ቀጥታዊ ተሳትፎ ከም ዝነበራ ኣሕጺሩ ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻብ ጋዜጣ 'ዘ ዎል ስትሪት'፡ ኣብ መጀመርያ ሚያዝያ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣብ ልዕሊ ኢራን ወተሃደራዊ ስርሒታት ክትፍጽም እንከላ፡ ሰዑዲ ዓረብ እውን ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ብዙሕ ህዝባዊ ኣቓልቦ ዘይተዋህቦም መጥቃዕትታት ኣካይዳ እያ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሲሸል | 15/5/26 | ኀደና ናቕፋ 33፡ጥቓ እንዳ ኣልፋ | 120601 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services